

## ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ

## ቀዳማይ መጽሓፍ

# መባእታ ስነሓሳብን ፖለቲካን

ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን

ማእከላይ ቤት ጽሕፈት

ጥሪ 2006

ኣሕተምቲ ሕድሪ
178 ጎደና ተጋደልቲ
ቍ. ገዛ 35
ቍ.ሳ.ጶ. 1081
ቴሌ 291-1-126177
ፋክስ 291-1-125630
ኣስመራ
ኤርትራ

መባእታ ስነሓሳብ ፖለቲካን
© 2006 ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን

ISBN 99948-0-025-6

ኣብ ኤርትራ ብኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር እተሓትመ

# ትሕዝቶ


መእተዊ ..........................................................................
ትርጉም ስነሓሳብ ...............................................................
ኣድላይነትን ግደን ስነሓሳብ ...................................................
ትርጉም ፖለቲካ ...............................................................
ኣድላይነት ፖለቲካ ...............................................................
1) ፖለቲካ ከም ጥበብ ምትሕብባር (Cooperation)..............................
2) ፖለቲካ ከም ጥበብ ምምሕዳር ስልጣን.......................................
3) ፖለቲካ ከም መስርሕ መህነጽን መማዕበልን ሓባራዊ ረብሓ..............
4) ፖለቲካ ከም መስርሕ መፈልፈልን መጠንከርን ሓባራዊ መረዳእታን ርድየትን..........................................................................
5) ፖለቲካ ከም መስርሕ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ስልጣን .....................
6) ፖለቲካ ከም መሳርሒ ለውጥን ምዕባሌን......................................
7) ፖለቲካ ከም መመሓደሪ ኣህጉራዊ ዝምድናታት............................
8) ፖለቲካ ከም መሳርሒ ቓልሲ................................................
ምትእስሳር ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን.......................................
1) ራእይን ፕሮግራምን (Vision and Program)...................................
2) ክብርታትን ፖሊስታትን (Values and Policies)..............................
3) ክልሰሓሳብን ውዳቤን (Theory and Organization).........................
ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ሃገራት......................
ኣገዳስነት ግደን ስነሓሳብን ኣብ ፖለቲካን ኣብ ሓርነታዊ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ.
ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ዘበናዊት ኤርትራ...........
ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብ..........................................................
ኣገዳስነትን ግደን ፖለቲካ..........................................................
ኣድላይነትን ዕላማን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ናጻ ኤርትራ.........................
መደምደምታ..........................................................................

# መእተዊ

እዚ መጽሓፍ'ዚ ናይ'ቲ ኣብ ናጻ ኤርትራ ንኣባላት ህዝባዊ ግንባር ክወሃብ ዝጀምር ዘሎ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ቀዳማይ መጽሕፍ'ዩ። ንህዝባዊ ግንባር ፖለቲካዊ ትምህርቲ ሓደ ካብ'ቲ ዓወት ዝሰርሓሉ ቀንዲ መሳርሒ'ዩ። በዚ ኸኣ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዕለታዊ መቑነን እዩ ነይሩ።ድሕሪ ናጽነት ግን፡ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ተዳኺሙ ከምቲ ዝድለ ክካየድ ኣይጸንሐን። እዚ ኩነታት'ዚ ኸኣ ኣሉታውን ጎዳእን ሳዕቤናት ከም ዘለዎ ብግብሪ ስል ዝተረጋገጸ፡ ኣድላይነት ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከም ብሓድሽ ጎሊሑ ንኽረኣየና ደሪኹ ኣሎ። ስለ'ዚ ኣብ ናጻ ኤርትራ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ደንጉና ንጀምር'ኳ እንተሎና፡ ነቲ ዝሓለፈ ግዜን ዕድልን ብዕቱብ ስራሕን ዝተዓጸጸፈ ጻዕርን ክንክሕሶ ንኽእል ኢና።

ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ቅድሚ ሳላሳ ዓመታት ኣብ ሰውራ ካብ ዝጀመር ኣትሒዙ፡ ኩሉ ሳዕ እቲ ቐዳማይ ኣርእስቲ፡ ስለምንታይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ምምሃርን ምፍላጥን ከምዘድሊ ዝገልጽ፡ ዕላማን ጥቕምን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዘረድእ፡ "ዕላማን ኣድላይነትን ፖለቲካዊ ትምህርቲ" ዝብል ኣርእስቲ እዩ ነይሩ። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ቅድሚ ናብ ዝርዝር ትሕዝቶ ምእታው፡ ብቐዳምነት ስለምንታይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከምዘድሊ ምፍላጥን ምግንዛብን ስለዝግባእ'ዩ። ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ከም ኩሉ ካልእ ትምህርቲ፡ እንተደኣ ኣድላይነቱን ዕላምኡን፡ ጥቕሙን ኣገልግሎቱን በቶም ክምህርዎ ዘለዎም ዘይተፈሊጡን ቅቡል ዘይኮይኑን፡ ዕዉት ክኸውን ከም ዘይክእል ዝተፈልጠ'ዩ። ስለ'ዚ ኣድላይነትን ዕላማን ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ቀዳማይ ኣርእስቲ ምንባሩ ካብ'ዚ ዝነቕል እዩ ነይሩ።

ሎሚ'ውን ኣብ ናጻ ኤርትራ፡ ነዚ ንፍልሞ ዘሎና ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ በዚ መሰረታዊ ኣርእስቲ ክንጅምሮ ኣድላይ ኢዩ። ስለ'ዚ ቀዳማይ ኣርእስትና፡ ናይ ኣሰያይማን ስፍሓትን ለውጢ'ኳ እንተለዎ፡ እቲ መሰረታዊ ኣድላይነትን ዕላማን፡ ትሕዝቶን ግደን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝድህስስ "<u>*መባእታ ስነሓሳብን ፖለቲካን*</u>" ዝብል ኣርእስቲ ኮይኑ ኣሎ።

እዚ ኣርእስቲ'ዚ ፈለማ ክንሰምዖ ከለና ግር ክብለና ይኽእል ኢዩ። ስነሓሳብ፡ ፖለቲካ... ዝብል ቃላት ኣዝዩ ከቢድ፡ ብቐሊሉ ዘይፍለጥ ምስጢር ዝሓዘ ኮይኑ ይስመዓና ይኸውን። ስለዚ ብማዕዶ ማዕዶ ከምዝተሓላለኸን ዘይፍለጥን ጌርና ብምውሳዱ ከነዋድቖ፡ ካብኡ ዝገደደ ድማ ምፍላጡ ብዓንደ ርእሱ ዘይምልከተና ጌርና ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ግን ከምኡ ድዩ?

ሰብ ኣብ ኮም ኢዩ ዝነብር። ኣብ ስድራቤት ይውለድን ይዓብን። ካብ ስድራቤትን ከባብን፡ ቋንቋ፡ ክብርታት፡ ልምድታት፡ እምነታት፡ ወግዕታት... ብሓደ ቓል ባህሊ ይመሃርን ብኡኡ ይኹስኮስን። ናይ ትምህርቲ ዕድል ምስ ዝረክብ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ፡ ከከምኩነታቱ ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ስሩዕ ትምህርቲ ብምክትታል ፍልጠትን ክእለትን ይድልብ፡ ንሃገሩ

ንኽገልግል'ውን ብታሪኽን ባህልን ይኹስኮስ። ሞያ ኣጥርዩ ድማ ብስራሕ ክነባበር ይጅምር። ህይወቱ ብናይ ሕብረተሰቡ ወይ ሃገሩ ኩነታት- መንግስቲ፡ ስርዓት፡ ሕግታት፡ ቁጠባ፡ ኣገልግሎታት፡ ዕድል ስራሕ... ይውሰን። ኣብ ኩነታት ሃገሩ ይዋሳእ። ብግዲኡ ስድራቤት መስሪቱ ሓላፍነት ውላዱ ይስከም ወዘተ..።

ነዚ ኹሉ ዝምድናታት ተግባራትን'ዚ ዘመሓድር ናይ ሕብረተሰብ ባህሊ፡ ናይ መንግስቲ ሕጊ ኣሎ። ነዚ ሕብረተሰብ ብስርዓትን ርግኣትን ንኽነብርን ንኽቕጽልን ዘገልግል ባህልን ሕግታትን ዝጻረርን ዝጥሕስን ምስ ዝርከብ ድማ፡ ዝግንሓሉን ዝለዝበሉን ማሕበራዊ ቀይድታት፡ ዝቕጻዓሉን ዝእረመሉን ሕግታት ናይ ሓይሊ መጋበሪያታትን ከኣ ኣሎ። ስዘሊ ሰብ ማሕበራዊ ፍጡር ብሙዃኑ ብእኩብ ኣብ ሕብረተሰብ ኣብ ሓድሕዱ ተመርኩሱ ስለዝነብር፡ ልምድታት፡ ክብርታት፡ እምነታት፡ ኣራኣእያታት ዛንታታ፡ ሕግታት፡ ወግዕታት፡ ወዘተ ዘይብሉ ሕብረተሰብ ክህልው ኣይኽእልን።

ናብ ዘበገስናዮ ጉዳይ ንምምጻእ፣ ካብዚ ብዛዕባ ሕበረተሰብን ባህልን ሕግን ዘቕረብናዮ ሓጺር መግለጺ'ዚ፡ ብዛዕባ ስነሓሳብን ፖለቲካን እንታይ ክንርዳእ ንኽእል? ምስ እዚ ዘቕረብናዮ መግለጺ ብምትእስሳር እዚ ዝስዕብ ናይ ስነሓሳብን ፖለቲካን መበገሲ ዝኾነና ቀሊል ትርጉም ክነቕርብ ንኽእል ኢና። ስነሓሳብ ማለት ሕብረተሰብ ህላዊኡ ንምግላጽን ንምርግጋጽን ዝጥቀመሉ ክብርታትን እምነታትን ኣረኣእያታትን ወግዕታትን ማለት ኢዩ፡ ፖለቲካ ማለት ከኣ፡ ሕብረተስብ ጉዳያቱ ዘመሓድረሉ ስልጣንን ኣካይዳን ማለት ኢዩ ኢልና ብቐሊሉ ክንገልጾ ንኽእል። በዚ ኣተረጓጉማ'ዚ ስነሓሳብ ምስ ክብርታትን እምነታትን፡ ፖለቲካ ድማ ምስ መንግስትን ሕግታትን ዝተኣሳሰር ኢዩ። ስነሓሳብን ፖለቲካን እምበኣር፡ ከምዚ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ብሰፊሑ እንመሃሮ፡ ምስ ሂይወት ወዲ ሰብ ብቐጥታ ዝተኣሳሰርን ጭቡጥን ደኣ'ምበር ርሑቑን ረቂቕን ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ብስነሓሳብን ፖለቲካን ምግዳስ፡ ምስ ሂወትና ከም ሰባት፡ ምስ ዘሎና ዕላማታትን ትጽቢታትን ናይ ምርግጋጹ ተልእኾን ዓቕምን፡ ምስ ጸገማትናን ኣፈታትሑኡን፡ ኣካይዳ ሂወትናን መጻኢናን ወዘተ... ዝተዋሰበ መሰረታውን ግድንን ሙዃኑ ንርዳእ። ስለዚ ስነሓሳብን ፖለቲካን ከምዘይፍለጥን ዘይምልከተናን ጌርና ክንወስዶ ዓቢ ጌጋ ኢዩ። ፖለቲካዊ ትምህርትና በዚ ኣርእስቲ'ዚ ክንፍልጦ ከኣ ኣድላይን ጠቓምን ኢዩ።

ኣብዚ መጽሓፍ ብዛዕባ ትርጉምን ኣድላይነትን ስነሓሳብን ፖለቲካን፡ ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ሃገራት ብሓፈሻን ምህናጽ ሃገር ኣብ ኤርትራ ብፍላይን ከምኡ'ውን ኣድላይነትን ዕላማን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ናጻ ኤርትራ ክንዝቲ ኢና።

# ትርጉም ስነሓሳብ

ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ኣብ ሓንጎል ነፍስወከፍና ብቐዳምነት ዝመጽእ መልሲ ንደልየሉ ሕቶ፡ ስነሓሳብን ማለት እንታይ ማለት ኢዩ? ዝብል ንትርጉም ስነሓሳብ ዝምልከት ሕቶ ስለዝኾነ፡ ዘተና ብኡኡ ክንጅምሮ ኣድላይ ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ብዛዕባ ትርጉም ስነሓሳብ መበገሲ ዝኾነና እንዶ ከይሓዝና ብዛዕባ ኣድላይነቱን ተርኡን ክንዝቲ ስለዘየንኽእል በዚ ሕቶ'ዚ ክንጅምር ጠቓሚ'ዩ።

ስነሓሳብ፡ ሽሕ'ኳ ዝተሓላለኸ ኣምር እንተኾነ፡ ብመባእታዊ ደረጃ ምግላጹን ምርእዶኡን ከምቲ ብግዳም ዝመስሎ ዘይከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ስነሓሳብ ኣብ ዕለታዊ ሂይወት ግደ ዘለዎ ጭቡጥ ተርእዮ ስለዝኾነ: መሰረታዊ ትሕዝትኡ ኣቕሊልካ ክግለጽ ይኽእል ኢዩ። ነቲ መሰረታዊ ትሕዝቶኡ ብኣብነታት ምግላጹ ስለ ዝቐልል ከኣ፡ ቀጺልና ንትርጉም ስነሓሳብ ንምግላጽን ንምርዳእን ዝሕግዘና ገለ ኣብነታት ክነቕርብ።

እስከ ጠቓሚ ኣብነታት ንምርካብ ታሪኽና ንወከስ። ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ሚእቲ ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሰለስተ ባዕዳዊ መግዛእትታት ተሳቕዩ'ዩ። እዚ መግዛእትታት'ዚ ብመሰረቱ ኣብ ሓይልን ዓመጽን ዝተመስረተ ስለዝነበረ ቀንዲ መሳሪሒኡ ሰራዊትን ናይ ፖሊስን ጸጥታን ሓይልታትን ኢዩ ኔሩ። ይኹን እምበር መግዛእቲ ብሓይሊ ጥራይ ስለ ዘይረግእ፡ እዚ መግዛእታዊ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ርእሲ ወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ከም ምምሕዳር፡ ኣብያተ-ፍርዲ፡ ትምህርቲ፡ ጋዜጣ፡ ጥዕና፡ ወዘተ... ዝኣመሰለ ትካላት'ውን ነይርዎ'ዩ። ምኽንያቱ፡ መግዛእቲ ኣብ ወተሃደራዊ ሓይሊ ጥራይ ተሞርኪሱ ቀጻልነቱ ክረጋግጽ ስለዘይኽእል፡ ግድን ተወሳኺ መጋበርያታት ክህልዎ ኔርዎ።

ኢጣልያውያን ኣብ ኤርትራ ግዝኣቶም ኣብ ወተሃደራዊ ሓይሊ ጥራይ ዝተመስረተ ኣይነበረን። ማዕሪኡ፡ ወረግ ኣብቲ ዝነውሐ እዋን'ሲ ልዕሊኡ'ውን፡ መሰረት ግዝኣቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረ ናይ ሓሳባትን ትካላትን ረቒቕ ሓይሊ ኢዩ ኔሩ። ምኽንያቱ ሓደ ህዝቢ ብጥረ ሓይሊ ንግዚኡ ተንበርኪኹ ክግዛእ ይኽእል'ዩ። ብቐጻሊ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ንኽግዛእ ግን፡ ነቲ መግዛእቲ ብገለ ደረጃ ከምዝቕበሎ ክግበር ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ከኣ ኢጣልያውያን ገዛእቲ ኣብ ኤርትራ፡ ንሳቶም ከም ካላኦት ኤውሮጳውያን ገዛእቲ፡ ፍሉያትን ሉዑላትን ብሙኻኖም ክገዝኡ፡ ኤርትራውያን ከኣ ከም ካልኦት ግዙኣት ህዝብታት፡ ትሑታትን ነብሶም ዘይክእሉን ብምኻኖም ክግዝኡ ግድን ሙኻኑ ዝገልጽን ዘእምንን ሓሳባት ዘርጊሖምን ኣስሪጸምን። ነዚ ሓሳባት'ዚ ጭቡጥ መልክዕ ብምትሓዝ ሂወትን ቀጻልነትን ዝህቦ ትካላት ምምሕዳር፡ ሕጊ፡ ትምህርቲ፡ ባህሊ ወዘተ... ከኣ ሃኒጸም። እዚ ሓሳባትን ትካላትን'ዚ ከኣ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ጽልዋ ስለ ዘሕደረ ንመግዛእቲ ጥልያን ንነዊሕ ዓመታት ብርግኣት ክቕጽል ኣኽኢልዎ።

ነዚ ንመግዛእቲ ዘገልግል፡ ልዕልናን ስልጣኔን ጣልያንን ጸዓዱን፡ ትሑትነትን ድሕረትን ኤርትራውያንን ጸለምትን ዝሰብኽ፡ ንመግዛእታዊ ጭቆናን ግፍዕን ብምኽዋል ምኹኑይ ዝገብሮን ነቲ ስርዓት ከም ሕጋውን ባህርያውን ብምቕራብ ተማእዛዝነትን ርግእትን ዝፈጥረሉን፡ ዓሌታውን መግዛእታውን ሓሳባት ኢና እምበኣር ከም ንሓደ ስርዓት ዘገልግል ዝተዋሃሃደ ሓሳባት መጠን፡ ስነሓሳብ ኢልና እንስመዮ።

ስለ'ዚ መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ ከም ኩሎም ኤውሮጳውያን ገዛእቲ ኣብ መላእ ዓለም፡ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዝጭፍልቕን ንረብሕኡ ዘገልግልን መግዛእታዊ ስነሓሳብ ነይርዎ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ መግዛእታዊ ስነሓሳብ'ዚ ዝምክት፡ ንረብሕኡን ሃንቀውትኡን ዝውክል ጸረ መግዛእታዊ ሃገራዊ ስነሓሳብ ስለዘየማዕበለ፡ ኣንጻር መግዛእቲ ጣልያን፡ ካብ ብዉሱናት ውልቀሰባትን ጉጅለታትን ዝካየድ ዝተጨራረመን ቀጻልነት ዘይነበሮን ተቓዉሞታት ዝሓልፍ ዉዱብን ኣድማዕን ሓርነታዊ ቃልሲ ከካይድ ኣይከኣለን። ይኹን እምበር እዚ ንልዕሊ ሓምሳ ዓመታት ዝቐጸለ መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ፡ ኣውራ ኣብቶም ኣብ ከተማታት ብሸቐለትን ውትህድርናን ዝተኣኻከቡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ቀስ ብቐስ ጽልኢ መግዛእትን ጭቆናን፡ ባህጊ ሕርነትን ማዕርነትን እናዓበየ ስለዝኸደ ሃገራዊ ንቕሓት ዝተዘርኣሉ መድረኽ ታሪኽ ምንባሩ ምዝንጋዕ ኣይግባእን።

እቲ ካልኣይ መግዛእቲ ናይ እንግሊዝ ኢዩ ኔሩ። እዚ ኣብ መሰጋገሪ እዋን ዝተራእየ መግዛእቲ'ዚ፡ ሺሕ'ኳ ንነዊሕ ናይ ምጽናሕ ዕድል እንተዘይነበሮ፡ ኣብቲ ሓጺር ግዚኡ ረብሕኡ ንምርግጋጽ ዘገልግሎ ብቐንዱ ብኸፋፊልካ- ግዛእ ዝልለ መግዛእታዊ ስነሓሳብ ኔርዎ ኢዩ። መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብ መላእ ዓለም ዝሰፍሐ ግዝኣት ዝነበሮ ዓብን ሙኩርን ሃጸያዊ ሓይሊ ስለዝነበረ፡ ክብ ዝበለ ስነሓሳባዊ ዓቕሚ ካብ ዝነበሮ ፍሉጥ ኢዩ። ንረብሑኡን ረብሓ መሻርኽቱን ብዘገልግል መንገዲ ንኤርትራ ሓደ ክፍላ ናብ ኢትዮጵያ፡ እቲ ካልእ ድማ ናብታ ግዝእቱ ዝነበረት ሱዳን ብምጽንባር ናብ ክልተ ንምምቃላ ዝኣለሞ ውዲትን ዘካየዶ ጻዕርን፡ መሰል ፖለቲካዊ ንጥፈታት ብምፍቃድ ዘሳወሮ ምክፍፋልን ግጭታትን ካኣ ከም ቀንዲ መርኣያ መግዛእታዊ ስነሓሳቡ ኣብ ኤርትራ ክወሰድ ይከኣል።

መድረኽ መግዛእቲ እንግሊዝ፡ ሃገራዊ ንቕሓትን ቃልሲ ኤርትራውያን ናይ መጀመርያ ስጉምትታት ዝወሰደሉ ፈላሚ መድረክ ኢዩ ኔሩ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ሓደን ስሙርን ህዝቢ መጠን "መሰል ርእሰ-ውሳኔ ክረክብ ኣለዎ፤ ኤርትራውያን ናትና ሃገራዊ መንግስቲ ከነቕዉም ኣለና..." ዝብል ሓሳባት'ኳ እንተተቐልቀለ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ዝቃወምዎ ኣብ ርእሲ ምንብሩ፡ ከም ሓሳባት'ውን ከም ሓድሽ መጠን ጌና ዘይበሰለን ዘይተረረን ኢዩ ኔሩ። ውዲታት መግዛእቲ እንግሊ ተደሚርዎ ኸኣ፡ ሃይማኖታውን ወገናዊን ጉጅላውን ኣተሓሳስባ ዘንጸላለዎ ኢዩ ኔሩ። ኣብዚ እዋን'ዚ እውን እምበኣር፡ ንመግዛእታዊ ስነሓሳብ ዝምክትን ከም ስሙርን ሓደ መጻኢ ዘለዎን ህዝቢ መጠን ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ

*ዘገልግል ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ ንኽተክል ዝቃለስን ሃገራዊ ስነሓሳብ ኣንፈታቱ'ኳ እንተተቐልቀለ ጌና ኣይማዕበለን ኔሩ ክበሃል ይከኣል።*

*እቲ ሳልሳይ መግዛእቲ ናይ ኢትዮጵያ ኢዩ ነይሩ። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብቶም ዝቐደምዎ ናይ ጣልያንን እንግሊዝን መግዛእትታት ብዝተፈለየ ኣብ ድሑርን መስፍናውን መሰረት ዝተሃንጸ ምስፍሕፋሕ ኢዩ ኔሩ። ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ኣብ ትሕቲ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዝሕለፎ ጭቆናን ውርደትን ሙኻንይ ዝገብሮ'ኳ እንተዘይኮነ ኣብቲ ዓመታት'ቲ መንቀሕቓሕታ ዘበናውነት ከም ዝረኸበ ፍሉጥ ኢዩ። እዚ መንቓሕቓሕታ'ዚ ግን ዋጋ ዘይተኸፍሎ ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ ስነሓሳባውን ባህላውን መጽቀጥቲ ኤውሮጳውያን ኣብ ስነኣእሙሮን ባህልን ህዝቢ ኤርትራ ዝሓደጎ በሰላ ኔሩ ኢዩ። ይኹን እምበር እዚ በሰላ'ዚ ከም ኣብ ካልኦት ሕብረተሰባት፡ ኣብ ኤርትራ ናብ ደረጃ እምነት ምጥፋእን ሕልከት ነብሰ-ምትሓትን ስለዘይበጽሐ፡ ነቲ ኣንጻር መግዛእቲ ዝቐጸለ ቃልሲ ብዙሕ ኣይዓንቀፎን።*

*ኢትዮጵያ ንኤርትራ መጀመርያ ብጉልባብ ፌደረሽን፡ ጸኒሓ ከኣ፡ ብቕሉዕ፡ ብሓይሊ ምስ ጎበጠታ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ናይ ሰለስተ ሽሕ ዓመታት ጽውጽዋያዊ ታሪኽ ዝተመስረተ፡ ንረብሓ ዉሑዳት መሳፍንትን ንጉሳዊ ቤተሰብን ዝውክል፡ ንዘበናዊ ምዕባሌ ዝጻረር ድሑርን መስፍናውን ንጉሳዊ ስነሓሳብ ሒዙ ኢዩ ኣብ ኤርትራ ስርዓቱ ከርግእ ዝሃቀነ። እዚ ኢትዮጵያዊ መስፋሕፍሒ ስነሓሳብ'ዚ ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ዋላኳ ኣብቲ መጀመሪያ እዋናት ብቐንዱ ብመንገዲ ቤተክርስትያን ተዋህዶን ማሕበር ሕብረትን ውሱን ጽልዋ እንተነበሮ ንገስጋስ ናይቲ ኣብ ኣርባዓታት ዝተንሰአን ኣብ እዋን ፌደረሽን ኣብ ሓምሳታት ከኣ ብርኡይ ዝማዕበለን ሃገራዊ ንቕሓትን ቃልስን ኤርትራውያን ክዓግቶን ክዳረጎን ኣይከኣለን። ህዝቢ ኤርትራ ከም ንመግዛእቲ ጣልያን ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ዕድልን ግዜን ኣይሃቦን። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ፈላሚ ዓመታቱ ኣትሒዙ ከም ሕጋውነት ዘይብሉ ወራሪን ዓማጽን ስርዓት ተበጺሁ ኢዩ። ኣብ እዋን ንጉስ ሃይለስላሴ ይኹን ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ከኣ፡ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብመስፍናዊ ይኹን "ማሕበርነታዊ" ስነሓሳቡ (ደርግ ደገፍ ህዝቢ ንምርካብ ዝኣወጆ ብሓቂ ግን ዘይኣምነሉ ናይ ማሕበራዊ ፍትሕን ማዕርነትን ስነሓሳብ) ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ደገፍ ክረክብ ስለዘይከኣለ ብዘይካ ብጥረ ሓይሊ ብሰላም ክገዝእ ኣይክኣለን።*

*እቲ ኣብ* 1940'*ታት ዝተበገሰ ሃገራዊ ቃልስና ንመግዛእቲ ኢትዮጵያውያን ሓያላት ሓብሓብቱን ንምምካትን ኣብ መወዳእትኡ ከኣ ንምስዓርን ዘኽእሎ ሃገራዊ ስነሓሳብ ብቐሊሉ ከምዘየማዕበለ ታሪኽ የረዳኣና። እቲ ጸረ-መግዛእታዊ ናይ መሰልን ናጽነትን፡ ሃገራውነትን ሓድነትን ሓሳባት ቀስ ብቐስ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት እናረኸበ ከም ሓሳባት ድማ እናማዕበለን እናነጸረን ክግስግስ ነዊሕ ቃልስን መስዋእትን ሓቲቱ'ዩ። ኣብ* 1940'*ታት፡ "ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ረብሓን መጻእን ዘለዎ ስሙር ህዝቢ ኢዩ፣ ስለዚ'ከኣ ናይ ባዕሉ ነጻ ሃገራዊ መንግስቲ ክቘውም መሰሉ ኢዩ" ዝብል ሓሳባት ሓድሽን ዘይደልደለን ኢዩ ኔሩ። እዚ ሓሳባት'ዚ ከኣ ካብ ገዛእቲ*

ጥራይ ዘይኮነ ካብ ኤርትራውያን'ውን ብዙሕ ተቓውሞን ዕንቅፋታትን ገጢምዎ'ዩ። ብዉሽጢ'ውን ኣብ'ቲ መጀመርታ ከም ሓሳባት ብሱል ኣይነበረን። ቀስ ብቐስ ግን፡ ነቲ ሓሳባት ዘንቀሉ ሃገራውያን ኣብ ቃልሲ እናተሞኮሩ፡ ኣተሓሳስቦኦም ውዳቢኦም እናማዕበሉ፡ ኣብ 1950 ኣብ ምምስራት ቀጽሪ ናጽነት በጺሖም። ድሕሪኡ ከኣ እቲ ሃገራዊ ዕላማ ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን፡ ኣውራ ከኣ መንእሰያት ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን እምነት እናረኸበ ማዕቢሉ። ኣብ መወዳእታ 1950'ታት ብምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ማሕበር ሸውዓተ)፡ ኣብ 1960'ታት ከኣ ምስ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ዋላ'ኳ ዓበይቲ ውሽጣዊ ድኻማት እንተነበሮ እቲ ሃገራዊ ንቕሓትን ምንቅስቓስን ብግዳም ኣንጻር መግዛእቲ፡ ብውሽጢ ኸኣ ኣንጻር ውሽጣዊ ድኻማትን ዕንቅፋታትን እናተቓለሰ ደንፊዑ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ኤርትራዊ ሃገራውነት ካብ ዘይብሱልን ዝተበታተኸን ሓሳባት ብደፋእታዊ ጉዕዞ ቃልሲ፡ ናብ ሓደ ብስርዓት ዝተጠምረን ዝተዋሃሃደን ስነሓሳብ ማዕቢሉ። ኣብ 1970'ታት ከኣ፡ ብምምስራትን ምምዕባልን ህዝባዊ ግንባር፡ ስነሓሳብ ኤርትራዊ ሃገራውነት ምስ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ተዋሲቡ ሰፊሑን ዓሚቑን ብዝለዓለ ደረጃ ዝውክል ድልዱል ፖለቲካዊ ሓይሊ ረኺቡ። እዚ ማለት፡ ህዝባዊ ግንባር ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ጥራይ ዝቃለስ ዉድብ ዘይኮነስ፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ኣብ ማዕርነትን ፍትሕን ዝተመስረተ ስልጡን ሕብረተሰብ ንምህናጽ፡ ኣንጻር ጭቆናን ኣድልዎን ዝቃልሰ ዉድብ ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝኽተል፡ ንረብሓ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ስሙርን ሓያልን ውድብ ኮይኑ ክዕወት ክኢሉ። ኣብዚ ታሪኽ'ዚ እምበኣር፡ ሃገራዊ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምስዓር ዘኽኣለ ንረብሓን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራ ዘገልግል ኣድማዒ መሳርሒ ሙኳኑ ኣረጋጊጹ።

ብሓጺሩ እምበኣር ኣብ ታሪኽና፡ ተኸታታሊ መግዛእቲ ነንረብሕኡን ድሌቱን ዘገልግል መግዛእታዊ ስነሓሳብ ከም ዝነበሮን መግዛእቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንምርጋእ ከም ዘገልገሎን፣ በንጻሩ ኸኣ ሃገራውያን ኤርትራውያን ነዚ ናይ ገዛእቲ ስነሓሳብ፡ ንረብሓን ሃንቀውታን ህዝቢ ኤርትራ ብዝውክልን ዘገልግልን ሃገራዊ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣማዕቢሎም ስለ ዝመከትዎ ከም ዝተዓወቱን ርኢና።

ኣብዚ ኣብነታት'ዚ ብምምርኳስ፡ ስነሓሳብ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ? ንዝብል ዘበገሰና ሕቶ ሓጺር መልሲ ክንህቦ ንኽእል ኢና። ስነሓሳብ ማለት፡ ሓደ ሕብረተስብ፡ መንግስቲ ወይ ፖለቲካዊ ውድብ ረብሓታቱን ዕላማታቱን ቅንዑን ፍትሓውን ተዓዋትን ምኳኑ ዝገልጸሉ፡ ኣብ ሓደ ተወሃሂዱ ዝተጠምረ ሓሳባትን እምነታትን ማለት'ዩ። ነዚ ትርጉም'ዚ ዝያዳ ንምብርሁ እዚ ዝስዕብ ኣብነት ነቕርብ።

እቲ ኣብ መንጎ ሕብረተሰብን ስነሓሳብን ዘሎ ምትእስሳር፡ ከም ኣብ መንጎ ኮምፑዩተርን ፕሮግራምን ዘሎ ምትእስሳር ክምሰል ይከኣል'ዩ። ሓንቲ ኮምፕዩተር - እታ ሓጺን ወይ

መሳርሒት - ብዘይ ዘስርሓ ፕሮግራም ከተገልግል ኣይትኽእልን ኢያ። እዚ ማለት እቲ ሓጺን፡ ሃርድዌር ዝበሃል ንቑጽ ነገር፡ ብዘይ ፕሮግራም ማለት ሶፍትዌር ዝበሃል ልስሉስ ነገር ምሉእ ኣይኮነን ማለት'ዩ። እቲ ጭቡጥ ብዘይ እቲ ረቂቕ ምሉእ ኣይኮነን።ብተመሳሳሊ ሕብረተሰብ ብዘይ ሓሳባት፡ ሓደ ቁጠባውን ፖለቲካውን ስርዓት ብዘይ ስነሓሳብ ምሉእ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ስነሓሳብ፡ እቲ ንሕብረተሰብ ውዳቤን ውህደትን ፈጢሩ ዘንቀሳቕሶ ረቂቕ ሓይሊ ሓሳባት ኢዩ።

ሰብ መልሲ ዝደልየሉ መሰረታዊ ሕቶታት ኣሎ። ስነሓሳብ ከኣ ነዚ ሕቶታት'ዚ ንምምላስ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ኢዩ ዝምዕብል። ገለ ካብቲ ዘልዕሎን ክምልሶ ዝፍትንን ሕቶታት፡-

እቲ ዝበለጸ ሕብረተሰብ ከመይ ዝበለ ኢዩ? ክብጻሕ ከ ይኽእል ዶ? ንሰብ ዝበቅዕ፡ ሰብ ምሉእን ኣዕጋብን ሂይወት ንኽሕልፍ ዘኽእሎ ስርዓት- ኣነባብራ ከመይ ዝበለ'ዩ? ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ግላዊ ሂወት ደቂሰብ ብኸመይ ክውደብን ክመሓዳደርን ይግባእ? መንፈሳውን ነገራውን ድሌታት ደቂሰብ ብኸመይ ክረውይሉ ይኽእል? ብመሰረቱ ሰብ ኩሉ ድሌታቱ ክረወየሉ ዝኽእል ናይ ፍጹም ሓርነት ኩነት ክብጻሕ ይኽእል'ዶ?... ስነሓሳብ እምበኣር ነዝን ተመሳሳልን ሕቶታት ብዝህቦ መልስታት ኢዩ ዝፈላለ።

ስለዚ ኣብ ታሪኽ ካብ ሓድሕዱ ዝፋላለን ዝጋራጮን ስነሓሳባት ኢና እንረክብ። ምኽንያቱ፡ ስነሓሳብ መግለጺ ረብሓን ድሌትን ስለዝኾነ፡ ኣብ ኩሉ ሕብረተሰባትን ኣብ መንጎ ሕብረተሰባትን ከኣ ናይ ረብሓን ድሌትን ፍልልይን ግጭትን ስለዘሎ፡ ዝፈላለን ተገራጫውን ስነሓሳባት ክህሉን ኣብ መንጎኡ ቃልሲ ክካየድን ግድን'ዩ። በዚ ኸኣ ስነሓሳባት ብዝውክሎ ረብሓን ድሌትን ስለዝፈላለ፡ ገሊኡ ገስጋሲ፡ ንረብሓ ህዝብን ፍትሕን ዘገልግል፣ ገሊኡ ድማ ኣድሓርሓሪ፡ ንረብሓ ዉሑዳትን ጭቆናን ዘገልግል ኮይኑ ንረኽቦ።

ኣብ ዘበናዊ ዓለም ካብ ሓድሕዱ ዝፈላለን ዝገራጮን ሓያለይ ስነሓሳባት ንረክብ። ዘበናዊ ስነሕሳባት ብሓፈሻ ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ምድባት ክከፋፈል ይኽእል። ማለት፡-

ቀዳማይ፡ ነቲ ዘሎ ስርዓት ክዕቅብ ዝደሊ ዓቃባዊ ስነሓሳባት፣
ካልኣይ፡ ነቲ ዘሎ ስርዓት ብደፋእታ ከመሓይሽ ዝደሊ ጽገናዊ ስነሓሳባት፣
ሳልሳይ፡ ከኣ፡ ነቲ ዘሎ ስርዓት ካብ መሰረቱ ኣፍሪሱ ብሓድሽ ስርዓት ክትክእ ዝደሊ ሰወራዊ ስነሓሳባት።

ከም ኣብነት ዘበናዊ ስነሓሳባት፡ ሊበራልነት፡ ዓቃባውነት፡ ሃገራውነት፡ ማሕበርነት፡ ፋሺሽትነት፡ ሃጸይነት፡ ዓሌትነት... ክጥቀስ ይከኣል።

# ኣድላይነትን ግደን ስነሓሳብ

ትርጉም ስነሓሳብ ክንገልጽ ከለና ብቐጥታ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ብዛዕባ ኣድላይነትን ግደን ስነሓሳብ'ውን ኣሚትና ኢና። ኣብ ዘበናዊ ዓለም ሓደ ሃገር፡ መንግስቲ ወይ ውድብ ብዘይ ስነሓሳብ ጽኑዑን ሓያልን ተወዳዳርን ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ስነሓሳብ፡ ሓደ ሃገር ካበይ ከምዝመጸ፡ ኣበይ ከምዘሎ፡ ናበይ ክኸይድ ከምዝደሊ ዝፈልጠሉ ባይታ ስለዝፈጥር ኣድላይነቱ መሰረታዊ ኢዩ። ንረብሕኡን ሃንቀውትኡን ዘገልግል ስነሓሳብ ዘየማዕበለ ሃገር ከኣ፡ ከም ሓንቲ ኣብ ማእከል ውቅያኖስ ብማዕበል እትግፋዕ፡ ካርታን ቡሶላን ካፕቴንን ዘይብላ፡ ማርሳኣ ዘይትፍለጥ፡ ውዒላ ሓዲራ ድማ እትበታተንን እትጥሕልን መርከብ ክመሰል ይኽእል።

ስነሓሳብ እምበኣር እዚ ዝስዕብ ሰለስተ ኣድላይነታት ኣለዎ፡-

ቀዳማይ - ስነሓሳብ ንሓደ ሕብረተሰብ ብዛዕባ መበቆሉ፡ ታሪኹ፡ ልምድታቱ ጥርኑፍ መረዳእታ ብምሃብ፡ ካበይ ከምዝመጸ ኣብ ምግላጽን ምርዳእን ይሕግዞ። ስለ'ዚ ኸኣ፡ መን ምዃኑ ብምንጻር፡ ኣብ መንነቱን ከምዝተኣማመንን ኣብ ርእሱ ከም ዝምርኮስን ብምግባር፡ ጽግዕተኛነት ዘየድልዮ ናጻ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ባይታ የጣጥሓሉ። ብሓጺሩ ታሪኻዊ ንቕዓት ይፈጥረሉ።

ካልኣይ - ከም ውጽኢት ታሪኹ ሕጂ ዝርከበሉ ኩነታት፡ ዘለዎ ውሽጣዊ ዓቕምታትን ድኻማትን፡ ዕድላትን ሓጼራትን፡ ዝገጥሞ ብዶሆታትን ግድላትን፡ ከቢብዎ ዝርከብ ሓይልታትን ጸቕጥታቱን ብምብራህ ኣበይ ከምዘሎ የገንዝቦ። በዚ ድማ ናይ ህሉው ኩነታቱን መጻኢ ኣንፈታቱን ዝሰፍሐ መረዳእታ ይህቦ። ዕማማቱ ብዓወት ንምስላጥ ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ሓይሊ ይፈጥረሉ። ብሓጺሩ ሓባራዊ መረዳእታ ይሃንጸሉ።

ሳልሳይ - ናበይ ክኸይድ ከምዝደሊ ይመርሖን የነጽረሉን። ዓበይቲ ነገራት ንምፍጻም ንኽመጣጠር፡ ህይወቱ ብቐጻሊ ንምምሕያሽን ንምህብታሙን ከኣ ዓብይቲ ጥሙሓት ንኽህልዎ ይድርኾ። ብሓጺሩ ራእይ የነጽረሉ።

ብሓፈሻ እምበኣር ስነሓሳብ ናይ ዝሓለፈ - ህልዊ - መጻኢ ዝተወሃሃደ መረዳእታ ስለ ዘረጋግጽ ኣድላይነቱ ወሳኒ'ዩ። ነዚ ዝያዳ ብኣብነት ንምብርሁ፡ እስከ ሓደ ኣብ ዘይፈልጦ ዓቢ ከተማ ዝጠፍአ ሰብ ንውሰድ። እዚ ሰብ'ዚ እንተደኣ ኣበይ ከም ዘሎን ብኸመይ ናብቲ ዝድልዮ ከም ዝበጽሕን ዝሕብሮ ኸተማ ኻርታ ዘይሃልይዎ፡ ናብቲ ዝደልዮ ክበጽሕ ኣይክእልን ኢዩ። ናብቲ ክበጽሖ ዝደሊ ቦታ ቴሌፎን እንተ ዘይሃልይዎ፡ ኣበይ ከም ዘሎ ኣይፈልጥን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናብቲ ዝደልዮ'ውን ዘብጽሖ መገዲ ክረክብ ስለ ዘክእል፡ ኣኺልዎ ጠፊኡ ማለት'ዩ። ስነሓሳብ'ምበኣር ከም ናይ'ዚ ኣብነት'ዚ፡ ኣበይ ከም ዘሎ'ኻ ዘፍልጠካን ናብ ዝደለኻዮ ዘብጽሓካን ካርታ ክመስል ይከኣል።

ኣብ'ዚ ካብ ታሪኽና ኣብነት ምቕራብ ጠቓሚ'ዩ። ኣብ'ቲ መጀመርታ 'ኤርትራ ናጻ ሃገራዊ መንግስቲ ክትተክል ኣለዋ' ዝብል ሓሳብ ናይ ውሑዳት ሰባትን ጌና ዘይበሰለን ሓሳብ እዩ ነይሩ። እዚ ሓሳብ'ዚ ግን፡ ቀስ ብቐስ ኣብ ብዙሓት ተቐባልነትን ደገፍን እናረኸበ ከይዱ። ንረብሓን ሃንቀውታን ህዝቢ ዘንጸባርቕ ስለዝነበረ ኸኣ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት ቃልሲ'ኳ እንተሓተተ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክኣምኖን ክስዕቦን ጀሚሩ። በንጻሩ ኸኣ፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ተጻይ ረብሕኦም ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ሃገራዊ ሓሳብ'ዚ ንምቕታሉ ብምሉእ ሓይሎም ተቓሊሶም። 'ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ዝተፈልየ ታሪኽ የብላን፣ ብነብሳ ክትሓድር ዓቕሚ የብላን፣ ህዝባ ሓድነት የብሉን...' ዝብል ሓሳባት ብምዝርጋሕ ከኣ ነቲ ሃገራዊ ሓሳብ ከዳኽምዎን ክስዕርዎን ፈቲኖም። ይኹን'ምበር፡ እቲ ሃገራዊ ሓሳብ እናማዕበለን እናደልደለን ስለዝኸደ፣ ንታሪኽ፡ ቁጠባ፡ ፖለቲካ፡ ባህሊ፡ ስትራተጂ፡ ውዳቤ. ብዝምልከቱ ሓሳባት ዝያዳ ስለዝሃብተመን ዝሰፍሐን፡ ናብ'ቲ ነቲ ሓርነታዊ ቃልሲ መሪሑ ዘዐወተን ኣብ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰረጸን ዕዉት ስነሓሳብ ኤርትራዊ ሃገራውነትን ማሕበራዊ ፍትሕን ማዕቢሉ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ፡ ብዉሑዳት ሰባት ዝእመን ዝነብረ ሓሳብ ከመይ ኢሉ ረብሓን ድሌትን ህዝቢ ስለ ዝወከለ፡ ናብ ሓደ ህዝቢ ኣሚኑ ዝቃለሰሉን ዝስዋኣሉን ዕዉት ስነሓሳብ ከም ዝማዕበለ ንርኢ።

እዚ ኣብነት'ዚ፡ ስነሓሳብ ናብ ሓፋሽ ህዝቢ ምስ ዝሰርጽ ናብ ዓቢ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ዝቕየር፡ ታሪኽ ንምስራሕ ከም ዘገልግል የረጋግጽ። ስነሓሳብ ብውሑዳት ሰባት ዝፍለጥን ዝእመንን ጥራይ እንተኾይኑ ለውጢ ከምጽእ ስለ ዘይክእል፡ ብህዝቢ ክፍለጥን ክእመንን ከም ዘለዎ የረድእ። ሓደ ስነሓሳብ ካብ ዉሑዳት ናብ ህዝቢ ምስ ዝሰርጽን መሰረት ሓያል ውዳቤ ኮይኑ ታሪኽ ንምስራሕ ምስ ዘገልግልን ከኣ ዕዉት ወይ ገዛኢ ስነሓሳብ ኮይኑ ኣሎ ማለት'ዩ።

ሓደ ዕዉት ንማሕበራዊ ፍትሒ ዝቃለስ ገስጋሲ ስነሓሳብ ዘፍርየ ሃገር፡ እዚ ዝስዕብ ክብርታት ከረጋግጽ ይኽእል፡-

1) ማሕበራዊ ስኒት - ኣብ መንጎ በበይኑ ክፍልታት ሕብረተሰብ፡ ማለት ከተማ - ገጠር፡ ርኹባት - ዘይርኹባት፡ ደቀንትዮ- ደቂተባዕትዮ፡ ዝተፈላለየ ባህላውን ሃይማኖታውን ጉጅለታት... ኣብ ማዕርነትን ፍትሕን ዝተመስረተ ማሕበራዊ ስኒትን ምትሕግጋዝን የረጋግጽ።
2) ሃገራዊ ሓባራዊ መረዳእታ - ኩሎም ዜጋታት ከም መሰረት ዝወስድዎ፡ ዝኣምኑሉን ዝምርሕሉን ዝከላኸልሉን ዘይትንከፍ ሰረት ሃገር ዝኾነ፡ ሃገራዊ መትከላትን እምነታትን ትካላትን ብምርግጋጽ፡ ሃገራዊ ሓድነትን ሓባራዊ ተማእዛዝነትን ይኸስከስን የደልድልን።
3) ባህላዊ መንነትን ስነ ኣእምሮኣዊ ጥንካሬን ምትእምማንን - ብመንነቱ ዘይተኣማመንን ናይ ስነኣእምሮ ሓይሊ ዘይብሉን ሕብረተሰብ ቁምነገር ክሰርሕ

ስለዘይክእል፡ መንነቱ ዝፈልጥን ብኡኡ ዝሕበንን፡ ኣብ ገዛእ ሰብኣዊ ዓቕሙ ምትእምማን ዘለዎ፡ ዓቢ ስራሕ ክሰርሕ፡ ታሪኽ ክሰርሕ ከም ዝኽእል ዘይጠራጠር፡ ድልዱል ሓበራዊ ስነኣእምሮ ዝጨበጠ ህዝቢ ምህናጽ ይሕግዝ።

ሃገራዊ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ፡ ከም ዕዉት ስነሓሳብ መጠን፡ ንህዝቢ ኤርትራ እዚ ክብ ኢሉ ተጠቒሱ ዝሎ ሰለስተ ክብርታት ኣፍርዩሉ'ዩ። ኣዚ ክብርታት'ዚ ግን ሓንሳብ ምስ ተረጋገጸ ስለ ዘይዛዘም፡ ንድሕሪት'ውን ክምለስ ስለ ዝኽእል፡ ብቐጻሊ ንምርግጋጹ፡ ንምሕዳሱ፡ ንምምዕባሉን ንምድልዳሉን፡ ዘየቋርጽ ስነሓሳባዊ ቃልስን ፖለቲካውን ቁጠባውን ባህላውን ስራሕን ከም ዝሓትት ክፍለጥ ይግባእ።

ነዚ ኣርእስቲ'ዚ ቅድሚ ምድምዳምና ብዛዕባ ግደ ስንሓሳብ ኣብ ታሪኽ ሕብረተሰብ ክንዝቲ ኣድላይ'ዩ። ስነሓሳብ፡ ኣቐዲምና ከም ዝተመልከትናዮ፡ ብዝውክሎ ረብሓን ድሌትን ስለዝፈላለ ግዲኡ ኣብ ሕብረተሰብ'ውን ከምኡ ዝፈላለን ተገራጫውን ኮይኑ ንረኽቦ። ንረብሓ ህዝቢ፡ ንራህዋን ፍትሕን፡ንሓርነትን ደሞክራስን፡ ሰባት ብሕውነትን ምሕዝነትን ዝሓሸ ህይወት ንኽነብሩ ዘበርከተ፣ ዝሓሸ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ሰባት ተወዲቦም ንኽቃለሱ ባይታ ዝኸውን፣ ብሓጺሩ ኣብ ሕብረተሰብ ሃናጽን ኣወንታውን ግደ ዘበርክት፡ ገስጋሲ ንማሕበራዊ ፍትሒ ዝጣበቕ ስነሓሳባትን ብኡኡ ዝምራሕ ምንቅስቓሳትን ኣብ ታሪኽ ተራእዩ'ዩ። በንጻሩ፡ ጸቢብ ረብሓታትን ድሌታትን ብምውካል፡ ንምዝመዛ፡ ንወራር፡ ንኹናት፡ ንመግዛኣትን ሃጸይነትን ዘገልግል፡ ህውከትን ዕንወትን ዝዘርእ፡ ጽልእን ፍርሕን ዘንግስ፡ ብሓጺሩ ኣብ ሕብረተሰብ ኣዕናውን ኣሉታውን ግደ ዝጻወት ኣድሓርሓርን ዓማጽን ስነሓሳባትን ብኡኡ ዝምራሕ ምንቃቓሳት'ውን ተራእዩ'ዩ። ስለዚ ኣብ ታሪኽ ልምዓት ኮነ ጥፍኣት፡ ህንጸት ኮነ ዕንወት፡ ብዘይ ሓሳባት ስለ ዘየለ፡ ስነሓሳብ ከከም ዝውክሎ ረብሓታት፡ ኣረኣእያታት፡ እምነታት፡ ባህግታት ዝፈላለን ኣብ ሓድሕዱ ዝቃለስን ግደ ከም ዘለዎ ታሪኽ የረድኣና። ብሓጺሩ፡ ሃጸይነት፡ ወራር፡ ፋሽሽትነት፡ ዓሌትነት፡ ጭቆናን፡ ግፍዕን፣ በንጻሩ ኸኣ፡ ሓርነት፡ ማዕርነት፡ ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ ራህዋን ስኒትን፡ ብዘይ ዝጸሮ ሓሳባት ክህሉ ስለ ዘይክእል፡ ሕቶ ስነ ሓሳብ ታሪኽ ንምግላጽን ምርዳእን፡ ብዓቢኡ ኸኣ ታሪኽ ንምስራሕ ወሳኒ'ዩ።

ብኻልእ መዳይ፡ ሓደ ገስጋሲ ስነሓሳብ እንተደኣ ብድርቅናን ጥሩፍነትን ተሳዕቡ ኣሉታውን ኣፍራስን ግደ ክጻወት ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ ክሉ ስነሓሳብ ብሓንሳብ ክልተ ተግባራት እዩ ዝፍጽም። ቀዳማይ፡ ይገልጽ፡ የረድእ፣ ካልኣይ ድማ፡ ይከላኸል፡ ይዕምት። ስለ'ዚ እንተደኣ ሓደ ገስጋሲ ስነሓሳብ ብዕሙት መንገዲ ተሳዒቡ ሃናጽን ኣወንታውን ግደኡ ብኣፍራስን ኣሉታውን ግደ ክትካእ ይኽእል'ዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ስነሓሳብ ንሓድሽ ሓሳባት፡ ተመክሮታት፡ ምዕባሌታት ክፉት ክኸውን ብቐጻሊ ክሕደስን ክህብትምን ኣለዎ። ስነሓሳብ ብኽፉት፡ ተመራማርን ነቐፌታውን ኣእምሮ ክሰዓብ ኣለዎ። ዕጽው ኣእምሮ፡ ሃሜንነት፡ ጥሩፍነት ኩሉ ሳዕ ሓደገኛን ኣዕናውን ምኳኑ ክፍለጥ ይግባእ።

ብዛዕባ ኣድላይነትን ግደን ስነሓሳብ ኣብ ታሪኽናን ታሪኽ ካልኦት ህዝብታትን ኣብ ዝመጽእ ምዕራፍ ክንዝቲ ኢና። ሕጂ ግን ናብ ትርጉምን ኣድላይነትን ፖለቲካ እስከ ንስገር።

# ትርጉም ፖለቲካ

ፖለቲካ ኣብ ዕለታዊ ሂወትና ኣመና ዝውቱር ቃል እኳ እንተኾነ: ብዛዕባ ትርጉሙ ግን ብዙሕ ግዜ ዝተደናገረን ዝተሓዋወሰን መረዳእታ ኢዩ ዘሎ። ገለ ሰባት “ ኣነ ኣብ ፖለቲካ ኣይግደስን'የ”፣ “ኣብ ፖለቲካ ኢደይ ከእቱ ኣይደልን ኢየ” ክብሉ ይስምዑ ኢዮም። ከምዚ ክብሉ ከለዉ ብዛዕባ ፖለቲካ ኣሉታዊ መረዳእታ ኣለዎም ማለት ኢዩ። ንፖለቲካ ከም ምትላልን፡ ውዲትን ምእንቲ ስልጣን ምትንኳልን ዝኾነ ነገር ምግባርን ገይሮም ስለዝርድእዎ፡ ከም ሓደገኛን ክቕረብ ዘይብሉን ዘይስነምግባራዊ ዓውዲ ይቖጽርዎ ኣለዉ ማለት ኢዩ። ኣብ ህዝብና'ውን “ፖሎቲከኛ” ክበሃል ከሎ ጎራሕን ኣታላልን ከም ማለት ይውሰድ ነይሩ ኢዩ። እዚ ገለ ኣብነታት ግጉይን ኣሉታውን ትርጉም ናይ ፖለቲካ ኢዩ። ብኻልእ ወገን፡ ገለ ኣብ ፖለቲካ ብዘይምግዳስ፡ ኣብ ካልእ ዓውድታት ብምቕላብ፡ ወይ ናብ ግላዊ ድሌታት ብምድሃብ ካብ ፖለቲካ ክርሕቑ ዝመርጹ ኣለዉ። እዚ ኮይኑ እቲ ግን፡ ፖለቲካ እንታይ ኢዩ? ካብ ፖለቲካ ናጻ ሙኻን ከ ይከኣል ድዩ?

ነዚ ሕቶታት'ዚ ንምምላስ፡ ከም ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝገበርናዮ፡ ንታሪኽና ምውካስ ዝበለጸ ምርጫ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንሓደ ዘበን ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መንግስትታት ብመግዛእታዊ ምምሕዳር፡ ሕግታትን ፖሊሲታትን ተገዚኡ'ዩ። እዚ ንረብሓን ድሌትን እቶም ገዛእቲ ዝተመስረተ ስርዓት'ዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ግፍዕን ጭቖናን ስለዘኸተለ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ መጀመርያ ብፍኑው ኣገባብ፡ ጸኒሑ ግን እናማዕበለን እናሓየለን ብዝኸደ ዉዱብ ኣገባብ ቃልሲ መኪትዎ። ህዝቢ ኤርትራ እናተበደለን እናተገፍዐን፡ ሰብኣዊ ክብረቱን መሰሉን ተነፊጉ ብውርደት ክነብ ክመርጽ ኣይክእልን ኢዩ። ከምቲ “ጭቖና እንተልዩ ተቓውሞ ከኸትል ግድን ኢዩ” ዝተባህለ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉን ክብረቱን ተቓውሞ ስለዘልዓለ ተዓዊቱ ነጻ ሃገራዊ መንግስቱ ናብ ምትካል በጺሑ ኣሎ። ብሓጺሩ እምበኣር ፖለቲካ፡ ካብዚ ኣብነት'ዚ ከምእንግንዘቦ፡ ካልእ ዘይኮነስ፡ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበሮ ናይ ጭቆና ውርደትን ኩነታትን፡ እቲ እዚ ኩነታት'ዚ ዘንቀሎ ኣብ መንጎ መግዛእትን ህዝቢ ኤርትራን ብሰለማዊ ይኹን ብረታዊ መልክዕ ዝተኻየደ ቃልስን ሕጂ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ንምህናጽ ሃገርን ዝምልከት ኢዩ።

መግዛእቲ ጣልያን፡ እንግሊዝን ኢትዮጵያን ኣብ ኤርትራ ንረብሓታቱ ዘገልግል ፖለቲካዊ ስርዓት ወይ መንግስቲ ተኺሎ ነይሩ። ነዚ ንመግዛእታዊ ረብሓ ዘገልግል ፖለቲካዊ ስርዓት'ዚ ንምቅዋምን ንምስዓርን ከኣ፡ ሃገራውያን ኤርትራውያን ንነብሶምን ህዝቦም ብምውዳብ ሓይሊ ክፈጥሩን ተቓሊሶም ክዕወቱን ዘኽእሎም ፖለቲካዊ ውዳበ ክሃንጹን ነይርዎም። ስለ'ዚ ተኸታታሊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ፡ ንረብሓኡ ዘገልግልን ንረብሓ ህዝቢ ምምሕዳር፡ ፖሊሲታት፡ ሕግታት ነይርዎ። ብተመሳሳሊ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ዘካየዶ

ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ናይ ናጽነትን መሰልን ሃገራዊ ዕላምኡ ንምዕዋት ዘኽእሎ ብነዊሕ ቃልሲ ዘማዕበሎ ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ማለት፡ ሓድነት፡ ውዳብ፡ ሰራዊት፡ ፕሮግራም፡ ስትራተጂ፡ ጽንዓት... ወዘተ ነይርዎ።

ፖለቲካ እምበኣር፡ ልክዕ ከም ስነሓሳብ፡ ብኽልተ ተጻራሪ መገዲ ክትርጎም ይኽእል እዩ። ቀዳማይ፡ ንረብሓ ህዝቢ ዝውክል፡ ፍትሒ፡ ሰላም፡ ሓርነት፡ ምዕባሌ ንምፍጣር ዘገልግል፡ ገስጋስን ደሞክራስያውን ፖለቲካ ኣሎ። ካልኣይ ድማ፡ ንጸቢብ ረብሓታት ዝውክል፡ ንወራር፡ መግዛእቲ፡ ጭቆና፡ ምዝመዛ ዘገልግል ኣድሓርሓርን ምልካውን ፖለቲካ ኣሎ። እዚ ኣከፋፍላ'ዚ ሓፈሻዊ ብሙኻኑ ኩሉ ፖለቲካዊ ዝንባሌታት ኣብ ክልተ ምድባት ጥራይ ከምዝኣቱ ክውሰድ ኣይግባእን። እዚ ኣከፋፍላ'ዚ ከም ሓፈሻዊ መወከሲ ክውሰድ ግን ጠቓሚ'ዩ።

ስለዚ ካብዚ ክብ ኢሉ ቀሪቡ ዘሎ ኣብነታት'ዚ ፖለቲካ እንታይ'ዩ? ናይ ዝብል ሕቶ ሓጺር መልሲ ምቕራብ ይከኣል'ዩ።ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ፡ ፖለቲካ ማለት ሃገራት ወይ ኣብ ውሽጠን ዝርከቡ ማሕበራዊ ሓይልታት (ርእሰማላውያን፡ ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ሞያውያን...) ረብሓታቶምን ዕላማታቶምን ንምርግጋጽ ናይ ግድን ዝሃንጽዎ ውዳቤን ዘካይድዎ ቃልስን ጥበብን ተግባርን ማለት እዩ። ብኻልእ ቃላት፡ ፖለቲካ ንሂወት ሃገራት፡ ኣካይዳ መንግስታት፡ ዓይነት ምምሕዳራት፡ ዝሕንጸጽ ፖሊሲታት፡ ዓብላልን ተዓብላልን ረብሓታትን ድሌታትን... ይምልከት። ኣብ ሕብረተሰብ ኣብ መንጎ ውልቀሰባት፡ ኣብ መንጎ ተመሳሳሊ መነባብሮን ረብሓን ወይ ባህልን እምነትን ዘለዎም ጉጅለታት ሰባት፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ኣረኣእያን ፕሮግራምን ዘለዎም ውድባት፡ ንበበይኑ ረብሓታት ዝጣበቕ ማሕበራት... ዘየቋርጽ ናይ ረብሓታትን ኣረኣእያታትን ግጭትን ቃልስን ስለዘሎ፡ ፖለቲካ እዚ ግጭትን ቃልስን'ዚ ብሓበራዊ መረዳኣታ፡ ብሕጊ፡ ብዘተ፡ ብሓድነት ወይ ብዕብላለ ሓደ ወገን ብሰለማውን ሕጋውን መገዲ ዝመሓደረሉ፡ ዝፍታሓሉ ወይ ዝዕረቀሉ መስርሕ'ዩ። እዚ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ምስ ዘይሰርሕ ከኣ፡ ጎነጻዊ ቃልስን ኲናትን ከም መቐጸልታ ፖለቲካ ስለ ዝመጽእ፡ ፖለቲካ ናይ ቃልሲ መሳውሒ ይኸውን።

ኣብ ሕብረተሰብ ብመነባብሮ፡ ስራሕ፡ ሃብቲ፡ ጾታ፡ ባህሊ፡ ስልጣን፡ ዕዮ፡... ዝፈላለ ማሕበራዊ ጉጅለታትን ደርብታትን ንርከብ። ኣብ መንጎ'ዚ ማሕበራዊ ጉጅለታትን ደርብታትን ከኣ ናይ ረብሓን ድሌትን ፍልልይን ግጭትን ስለዘሎ፡ ኣብ መንጎ ርኹባትን - ስኡናትን፡ ገባሮን - መሳፍንትን፡ ሰራሕተኛታትን - ሰብ ርእሰማልን፡ ስልጣን ዘለዎምን - ዘይብሎምን፡ ብሰልማዊ ይኹን ጎነጻዊ ኣገባብ ቀጻሊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣሎ። ብኻልእ መዳይ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት'ውን ናይ ሃገራዊ ረብሓታትን ድሌታትን ፍልልይን ቃልስን ኣሎ። ኣብ መንጎ ዓበይቲ - ንኣሽቱ፡ ሃብታማት - ድኻታት፡ ሓያላት - ድኹማት ሃገራት እምበኣር ዘየቋርጽ ውድድርን ቃልስን ንርኢ።

ናይ'ዚ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰባትን ኣብ መንጎ ሃገራትን ዝካየድ ቃልሲ መሰረት፡ እቲ ብስሩ ውሑድን ውሱንን ስለዝኾነ ንስሱዕ ድሌት ከርዊ ዘይክእል ባህርያውን ሰብ ዘፍርዮን ጸጋታት'ዩ። ስለ'ዚ ቀንዲ ሽቶ ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ምቁጽጻር ጸጋታት'ዩ።

ኣብ ሓደ ሃገር ጸጋታት ብኸመይ ከም ዝከፋፈል፣ መን፡ እንታይ፡ መዓስ፡ ክንደይ ከም ዝረክብ ዝውስንን ስርዓት ዘኽብርን ስልጣን ክህሉ ግድን'ዩ። እዚ ስልጣን'ዚ ከኣ መንግስቲ ይበሃል። መንግስቲ እምበኣር ኣብ ሓደ ሃገር ጸጋታት ናይ ምቁጽጻርን ምክፍፋልን ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ፖለቲካዊ ውዳቤ'ዩ። ስልጣን መንግስቲ ኸኣ፡ ኣብ ክሊ ግዝኣቱ ንኹሉ ናይ ጎነጽ መሳሪሒታት (ሰራዊት፡ ፖሊስ፡ ጸጥታ...) ዝቆጻጸር ዝለዓለ ስልጣን ስለዝኾነ፡ ልኡላዊ ስልጣን ይበሃል። ልኡላዊ ስልጣን ማለት ልዕሊኡ ካልእ ስልጣን ዘየፍቅድ ኣብ ግዝኣቱ እቲ ዝለዓለ ስልጣን ማለት'ዩ።

መንግስታዊ ስልጣን ወይ ልኡላዊ ስልጣን እምበኣር ቀንዲ ፖለቲካዊ ጉዳይ ክኸውን ግድን'ዩ። ስልጣን ናይ መን፡ ብኸመይ ኣገባብ ዝብል ሕቶ ከኣ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ሕቶ'ዩ። ስልጣን ኣብ'ቲ ዝነውሐ ታሪኽ ደቂሰብ ናይ ዉሑዳት ነገስታት፡ መሳፍንቲ፡ መለኽቲ ደኣ'ምበር ናይ ህዝቢ ከምዘይነበረ ታሪኽ የረድኣና። ስልጣን ናይ ህዝቢ'ዩ፣ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ'ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ - ሰለስተ ሚእቲ ዓመታት ዝማዕበለ ሓድሽ ሓሳባት ኢዩ። እዚ ሓሳባት'ዚ ቅድሚ 50 ዓመታት ከይተረፈ ኣብቲ ኣብ ትሕቲ ምዕራባዊ መግዛእቲ ዝነበረ ዝሰፍሐ ክፍልታት ዓለም፡ በቶም ገዛእቲ ንጹግ እዩ ነይሩ። እቲ ግዙእ ህዝብታት ኣብ ትሕቲ ዉሑዳት ገዛእቲ መሰሉ ተረጋጊጹ ከም ዝነበረን ንናጽነቱን መሰሉን ነዊሕ ቃልሲ ከካይድ ከም ዝተገደደን ከኣ ናይ ቀረባ ዝኽሪ'ዩ። ከም ውጽኢት ነዊሕ ቃልሲ ግን ሎሚ፡ ልኡላዊ ስልጣን ናይ ህዝቢ ምዃኑ፡ ኩሉ ሰብ ማዕረ ምዃኑ፡ እንተወሓደ ብቓል ዳርጋ ኹሉ ክቕበሎ ተቐሲቡ ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱን መሰሉን ዘካየዶ ሰውራ ኸኣ ሓደ ኣብነት'ዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ፖለቲካ እምበኣር ኣብ ሕብረተሰብ ካብ ጸጋታት መን፡ እንታይ፡ መዓስ፡ ክንደይ ከም ዝረክብ ዝውስን፣ ግጭት ረብሓታትን ድሌታትን ዝፈትሕ ናይ ስልጣንን ውዳቤን ጥበብን ተግባርን ኢዩ ተባሂሉ ብሕጽጺሩ ክግለጽ ይኽእል።

ቅድሚ ናብቲ ዝቕጽል ኣርእስትና "ኣድላይነት ፖለቲካ" ምስጋርና ኣብዚ ዝቕረብናዮ ትርጉም ፖለቲካ ብምሙርኳስ፡ ነቲ ካብ ፖለቲካ ነጻ ምዃን ይከኣል ዶ? ዝብል ኣቐዲምና ዘልዓልናዮ ሕቶ ክንዝትየሉ ኣድላይ ኢዩ። ብቐዳምነት፡ ፖለቲካ ከምዚ ዝረኣናዮ፡ ንኹሉ መዳያት ሂወት ስለዝውስንን ዝጸሉን ሓደ ሰብ ኣብ ሕብረተሰብ ክሳብ ዘሎ ካብ ፖለቲካ ናጻ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ሓደ ሰብ ምርጫይ ካብ ፖለቲካ ናጻ ሙኳን ኢዩ ክብል ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ እዚ ማለት ግን ኣብቲ ንሂወቱ ዝውስን ጉዳያት ልሙስ ተዓዛቢ ክኸውን ይመርጽ

ኣሎ ማለት ጥራይ ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ብግብሪ ካብ ፖለቲካ ናጻ ኮይኑ ማለት ዘይኮነስ፡ ብኻልኦት ዝወሰንዎ ፖለቲካ ክኸይድ ይመርጽ ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ሰውራ ንኣብነት፡ እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ቃልሲ ዝተፈላለየ ኣገባብ ከበርክት ከሎ፡ ውሑዳት ግን ኢዶምን እግሮምን ኣኪቦም ተዓዘብቲ ዝነበሩ ነሮም ኢዮም። በዞም ካብ ፖለቲካ "ናጻ" ዝነበሩ እንተዝኸውን ከኣ ናጽነት ኣይምተረኸበን ማለት ኢዩ። ሕጂ'ውን እቲ ዝዓበየ ፖለቲካ ኣብ ናጻ ኤርትራ፡ ምህናጽ ስልጥንቲ ሃገር ስለዝኾነ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ዕድልናን ዕድል መጻኢ ወለዶታትናን ዝውስን ስለዝኾነ፡ ካብዚ ታሪኻዊ ጉዳይ'ዚ "ናጻ" ሙኻን ማለት ብደውካ ክትመውት ምቕባል ከም ማለት ኢዩ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝጠቐስናዮ፡ እቲ ካብ ፖለቲካ ነጻ ሙኻን ዝብል ርእይቶ መሰረቱ ካብ ጉጉይን ኣሉታውን ኣረዳድኣ ብዛዕባ ፖለቲካ እዩ ዝብገስ። ፖለቲካ ግን ከምቲ ኣቐዲምና ዝተመልከትናዮ፡ ንጸቢብ ረብሓታት ዘገልግል ናይ ቶንኮል፡ በለጽን ውዲትን ኣሉታውን ኣዕናውን ተራ ጥራይ ኣይኮነን ዘለዎ። ፖለትካ ብኣውንታውን ሃናጽን ትርጉሙ፡ ንረብሓ ህዝቢ ዘገልግል፡ ብሉጽ ዕላማታት ሓርነትን ፍትሕን ደሞክራስን ዘዐውት፡ ብመትከል ብምእማንን ንዕላማ ብምውፋይን ሓድነትን ጽንዓትን ሓይልን ዝፈጥር መሳርሒ ክኸውን ከምዝኽእል ኣብ ታሪኽ ሰውራና ብጭቡጥ ርኢናዮ ኢና።

# ኣድላይነት ፖለቲካ

ብዛዕባ ኣድላይነት ፖለቲካ ክንዛረብ ከሎና፡ ብመሰረቱ ብዛዕባ ፖለቲካ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎ ኣወንታውን ሃናጽን ተራ ኢና ንዛረብ ዘሎና። በዚ መረዳእታ'ዚ እምበኣር፡ ቀጺልና፡ ብሓፈሻ ፖለቲካ ብፍላይ ድማ ፖለቲካዊ ስልጣን ንህዝብን ሕብረተሰብን ኣብ ዝህብዎ ጥቕሚ ኣተኲርና ክንዝቲ ኢና።

ቅድሚ ብዛዕባ ኣድላይነት ፖለቲካ ብዝርዝር ምዝታይና፡ ከም መበገሲ ኣብ ፖለቲካ እቲ ቀንዲ ረቛሒ ዝኾነ ስልጣን እንታይ ምዃኑ ንምርዳእ ዝሕግዝ መብርሂ ክነቕርብ ኣድላይ'ዩ።ፖለቲካዊ ስልጣን፡ ሰባት ተነጻጺሎም ዘዐውትዎ ነገራት ኣዝዩ ውሱን ስለዝኾነ፡ ተሓባቢሮም፡ ስርዓት ኣቑሞም፡ ሓይሊ ኮይኖም፡ ዓበይቲ ነገራት ንኽፍጽሙ ዘገልግሎም ሓያል መሳርሒ ጌርና ክንትርጉሞ ንኽእል ኢና። ስልጣን ናይ ምግባር፡ ናይ ምግዳድ፡ ናይ ምእዛዝን ምርዓምን ዓቕሚ'ዩ። እዚ ጥራይ ግን ኣይኮነን። ብኻልእ መዳዩ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ምጽላው፡ ናይ ምድራኽ፡ ናይ ምእማንን ተማእዛዝነት ምኹስኳስን ዓቕሚ'ውን እዩ። ብሓጺሩ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ንሓደ ሕብረተሰብ ስርዓት ብምትካል ሂወቱ ብምክያድን ንምምዕባልን ወሳኒ ስለ ዝኾነ፡ ስልጣን ከይሃነጸን ከየደልደለን ርግኣቱን ቀጻልነቱን ከውሕስን ክምዕብልን ዝኽኣለ ሕብረተሰብ የለን።

ይኹን'ምበር ፖለቲካዊ ስልጣን ማዕረ እቲ ዓቢ ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ተኣፋፊ እዩ። ስለዚ እዩ ኸኣ ፖለቲካዊ ስልጣን ከም መልምዕን መጥፍእን፡ መህነጽን መፍረስን ክልተ ዝበልሑ ሴፍ ዝመስል። ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ንኣብነት፡ ብቓልሲ መንግስታዊ ስልጣን ተቖጻጺሮም፡ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሹ፡ ሂወት ዝሃንጹ፡ ጽቡቕ ነገራት ዘፍሪ ስጉምትታት ዝወሰዱ፡ ብሓፈሻ ምእንቲ ፍትሕን ማዕርነትን ደሞክራስን ዝተቓለሱ፡ ምእንቲ ናጽነትን መሰልን ኣንጻር መግዛእትን ሃጸይነትን ተጋዲሎም ናጻ ሃገራት ዝመስረቱን ድሕረትን ድኽነትን ኣወጊዶም ጎደና ስልጣኔ ዝጸረጉን ፖለቲካዊ ሓይልታት ተራእዮም'ዮም። በንጻሩ ኸኣ፡ ፋሽሽታዊ፡ ምልካዊ፡ ዓሌታዊ፡ ሃጸያውያን በበይኖም ጥሩፋትን ሓይልታት ስልጣን ተቖጻጺሮም፣ መሰልን ረብሓን ህዝብታት ክረጋገጹ፡ ኲናትን ዕንወትን ክዘርኡ፡ ህዝቢ ከህልቑ፡ ፍትሕን ርትዕን ረጊጾም ባርነት ክንግሱ ተራእዮም'ዮም። ስለዚ ስልጣን ከም ናይ መወዳእታ ዕላማ ዘይኮነስ፡ ከም ናብ ዕላማ ዘብጽሕ መሳርሒ እንተዘይተራእዩ፣ ጸቢብ ረብሓታቶም ብዘይካ ምርዋይ ካልእ ዕላማ ዘይብሎም መለኽቲ ውልቀሰባት ይኹን ፖለቲካዊ ሓይልታት ስልጣን ምስ ዝቆጻጸርሉ ዘይተኣደነ ዕንወት ከምዘውረዱ ኣብ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ተጋሂዱ ኢዩ። ስለዚ ስልጣን ኣብ ንቕሓትን ቃልስን ተሳታፍነትን ህዝቢ ዝተመስረተ ትካላዊ መቆጻጸሪ ውሕስነትን ክግበረሉ ይግባእ።
ነዚ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘቕረብናዮ ሓጺር መብርሂ ከም መእተዊ ብምውሳድ እስከ ቀጺልና ንኣድላይነት ፖለቲካ በዚ ዝስዕብ ሸሞንተ ነጥብታት ጸሙቝና ንርኣዮ፡-

## 1) ፖለቲካ ከም ጥበብ ምትሕብባር (Cooperation)

ኣቐዲምና፡ ምትሕብባር መሰረት ሂወት ደቂ ሰብን ስልጣኒኡን ሙኻኑ ተመልኪትና ኔርና። ሰብ ንበይኑ ክነብር ዘይክእል ፍጡር ኢዩ። ሰብ፡ ንሂወቱ ዘድልዮ መሰረታዊ ነገራት ንምቕራብ ብሰላም ንምንባርን መነባብርኡ ብቐጻሊ ንምምሕያሽን ዝመሓዳደረሉ ስርዓትን ሕግታትን ክህልዉ ስለዘለዎ፡ ነዚ ንምግባር ምትሕብባር የድልዮ። ስለዚ ምትሕብባር ምርጫ ዘይኮነስ ግድንታዊ ተደላይነት ኢዩ። ምትሕብባር ግን ብኸመይ? እቲ ዝሓየለ ምትሕብባር ከ ብኸመይ ክምስረትን ክዕቀብን ክድንፋዕን ይኽእል?

ኣብ ታሪኽ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሰብ ዝረአ ምትሕብባር፡ ዝቀያየር ኮይኑ ንረኽቦ። ምስ ዝቀያየር ኩነታት መነባብሮ ዝፈላለ መልክዓት ምትሕብባር ንርኢ። ኣብ ጥንቲ፡ ሰብ ብንኡስ ጉጅለታት፡ ብሃድንን ምምእራርን ኣብ ዝነባበረሉ ዝነበረ መዋእል፡ እቲ ምትሕብባር ኣብ ምርዳእን ምምላእን ዝምርኮስ፡ ፍልልይን ግጭትን ድማ ብመግናሕትን ኮማዊ ጸቕጥን ዝፍታሓሉ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ዘይማዕበሉ ፍልማዊ ሕብረተሰብ ንረክብ። ድሕሪ ዓሰርተታት ኣሻሓት ዓመታት ዝወሰደ ኣዝዩ ደፋእታዊ መስርሕ ከኣ፡ ኣብ ጥንታዊ ስልጣኔታት፡ ሰፊሕ ኤምጴራጦርያታትን ንግስነታትን ተመስሪቱ፡ ብመንግስታዊ ስልጣን ዝመሓደር ዝተሓላለኸ ምትሕብባር ንርኢ። ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ - ሰለስተ ዘበናት ኣብ ዝማዕበለ ዘበናዊ ዓለም ድማ፡ ብደረጃ ንጹር ሕብረተሰብ ጥራይ ዘይኮነስ ብደረጃ ዞባን ዓለምን'ውን ዘዋስእ፡ ኣዝዩ ልዑልን ዝተራቐቐን ምትሕብባር ዝሕተተሉ እዋን ንረክብ።

ስለዚ ኣብ ዘበናዊ ዓለም ፖለቲካ ከም ጥበብ ምትሕብባር፡ ነፍስ ወከፍ ሃገር ሃገራዊ ረብሕኡ ንኸደንፍዕ፡ ንረብሕኡ ዝከላኸል ሓያል መንግስቲ ንኽፈጥር በዚ ከኣ ተወዳዲሩ ንኽዕወት የገልግሎ። ምትሕብባር ዘይብሉ ሕብረተሰብ ርጉእ ፖለቲካዊ ስርዓት ተኺሉ ብቑጠባ ክምዕብልን ክወዳደርን፡ ብራህዋን ስኒትን ክነብርን ኣይክእልን ኢዩ። ፖለቲካ እምበኣር ከም ጥበብ ምትሕብባር መጠን፡ ምክፍፋልን ምትፍናንን ዘስዕቦ ቅልውላውን ህውከትን ብምውጋድ፡ ሓድነትን ስኒትን ዘለዎ ሃገር ኣብ ምህናጽን ኣብ ተሳታፍነት ህዝቢ ዝተመስረተ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኣብ ምምዕባልን ኣድላይነቱ ዓቢ'ዩ።

## 2) ፖለቲካ ከም ጥበብ ምምሕዳር ስልጣን

ከምዚ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ስልጣን ብሓንሳብ ክልተ ነገር ኢዩ። ቀዳማይ፡ ስልጣን ቀንዲ ረቛሒ ውዱብ ሂወትን ስልጣኔን ስለዝኾነ ኣገዳስነቱ መሰረታዊ'ዩ። ካልኣይ፡ ብቐሊሉ ዝዕመጽን ዝግሃስን ስለ ዝኾነ ተኣፋፍን ሓደገኛን ኢዩ። ስለዚ ስልጣን ነዚ ክልተ መዳያት - ኣገዳስነትን ተኣፋፍነትን - ሓቑፉ ስለዝርከብ፡ ብግቡእ ናይ ምምሕዳሩ ሕቶ መሰረታዊ'ዩ። ኣድላይነት ፖለቲካ ከም ጥበብ ምምሕዳር ስልጣን ከኣ ኣብዚ'ዩ ዝምርኮስ። ስልጣን ብኽልተ

ቀንዲ ጽፍሕታት፣ ቀዳማይ፡ ከም ብሕጊ ዘይተቐየደ፡ ርድየት ህዝቢ ዘይብሉ፡ ህዝቢ ፈትዩ ዘይኮነስ ተገዲዱ ዝግዝኣሉ፡ ናይ ምግዳድ ዓቕሚ ማለት ከም ጥረ ሓይሊ፣ ካልኣይ፡ ከም ንፍሉጥ ሕግታት ዝተቐየደ፡ ህዝቢ ረድዩ ከም ሕጋዊ ተቐቢሉ ዝግዝኣሉን ዝምእዘዞን፡ ማለት ከም መዝነት ክግለጽ ይከኣል። እዚ ኣብ መንጎ ስልጣን ከም ጥረ ሓይልን (Force)፡ ከም መዝነትን (Authority) ዘሎ ፍልልይ ከኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሕጋውነትን ዘይሕጋውነትን፡ ፍትሓውነትን ዘይፍትሓውነትን ዘሎ ፍልልይ ስለ ዘመልክት መሰረታዊ'ዩ። ይኹንምበር ስልጣን ኩሉ ግዜ ናይ ምግዳድ ዓቕሚ ስለ ዝኾነ፡ ሓይልን መዝነትን ከም ፈጺሙ ዘይራኽብ ጌርካ ክውሰድ ኣይግባእን። ስልጣን ንረብሓ መን የገልግል? ብኸመይ ክውደብን ክዝውተርን ይግባእ? ኣብ ግዜ ብኸመይ ይሰጋገርን ይለዋወጥን?... ዝብል ሕቶታት ሕመረት ፖለቲካ'ዩ።ፖለቲካ ከም ጥበብ ስልጣን ከኣ ነዚ ሕቶታት'ዚ ብምምላስ፡ ሰረትን ኣቃውማን ኣሰራርሓን ኣቀያይራን ስልጣን ንምውሳን ይሕግዝ።

ስለዚ ፖለቲካ ከም ጥበብ ምምሕዳር ስልጣን፡ መንግስታዊ ስልጣን ብውሑዱ ተባሒቱ ንረብሕኦም ብምግልጋል ዕንወት ከየውርድ፡ ኣብ ረብሓን ተሳታፍነትን ህዝቢ ዝተመስረተ ንኽኸውን ስለ ዘገልግል፡ ብሕጊ ዝግዛእን ትካላዊ ውሕስነት ዘለዎን ስልጣን ኣብ ምትካል ዓቢ ኣድላይነት ኣለዎ።

## 3) ፖለቲካ ከም መስርሕ መሀነጽን መማዕበልን ሓባራዊ ረብሓ

ሕብረተሰብ ብኽፈላውን ሓባራውን ረብሓታት ዝቖመ'ዩ። ሓደ ሕብረተሰብ፡ ብሓደ ወገን፡ ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጉጅለታቱ ከፊላዊ ረብሓታት፡ በቲ ካልእ ድማ፡ ኪኖ'ዚ ከፊላዊ ረብሓታት ዝኾነ ብሓባር ዘነባብሮ ሓባራዊ ርብሓታት ኣለዎ። ስለዚ ሓደ ሕብረተሰብ ነቲ ኣብ መንጎ ከተማ - ገጠር፡ ርእሰማላዊ - ሰራሕተኛ፡ ዕድል ዘለዎ - ዝተገለለ፡ ዘሎ ናይ ረብሓ ፍልልይን ግጭትን ከቀራርብ፡ ክዓርቕ፡ ከሳኒ ዓቕሚ ክህልዎ ይግባእ። እዚ ማለት ከኣ ንረብሓ ዝበዝሐ ዝውክል ሓበራዊ ረብሓታት ክሰፍን ኣለዎ ማለት'ዩ። ሓባራዊ ረብሓታት ከማዕብል ዘይከኣለ ሃገር፡ ኣብ ሕድሕዱ ብዝናኞት ከፊላዊ ረብሓታት ተመቓቒሉ ናብ ህውከትን ዕንወትን ከም ዘምርሕ ኣብ ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ተራእዩ'ዩ። ምኽንያቱ ሓደ ሃገር ርጉእን ሓያልን ንኽኸውን ሓባራዊ ረብሓታት ከማዕብልን ከርውን ክኽእል ኣለዎ። ስለዚ ፖለቲካ ካብቲ ዝተፈላለየ ረብሓታት ሓባራዊ ረብሓታት ዝምዕብለሉ መስርሕ ስለዝኾነ ኣድላይነቱ መሰረታዊ'ዩ።

## 4) ፖለቲካ ከም መሰርሕ መፈልፈልን መጠንከርን ሓባራዊ መረዳእታን ርድየትን

ሓባራዊ መረዳእታ መሰረት ሕብረተሰብ'ዩ። ሓደ ሕብረተሰብ ብዘይ ከም መሰረቱ ዝሰማማዓሉ ረብሓታት፡ መትከላት፡ ክብርታትን ትካላትን ደው ክብል'ውን ኣይክእልን'ዩ። ሓባራዊ መረዳእታ ማለት ከኣ፡ እቲ ኣብቲ መሰረታዊ መትከላት፡ ክብርታት፡ ረብሓታትን ትካላትን ዝህሉ ሓባራዊ እምነትን ምእዙዝነትን ማለት'ዩ።

ሓባራዊ መረዳእታ ባዕሉ ስለዘይምዕብል፡ ቀጻሊ ጻዕርን ክንክንን የድልዮ።ፖለቲካ ከኣ ሓደ ህዝቢ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያቱ ናይ ሓባር መረዳእታ ንኽማዕብል ዝሕግዞ መሳርሒ'ዩ። ብኻልእ ወገን ሓባራዊ መረዳእታ ብህዝባዊ ርድየት ክስነ ኣለዎ። ህዝባዊ ርድየት ማለት ብሓጺሩ ህዝቢ ኣብ መንግስቲ ዘለዎ እምነትን ተማእዛዝነትን ማለት'ዩ። ስለዚ ሓባራዊ መረዳእታን ህዝባዊ ርድየትን ዘውንን ሃገር ርጉእን ድልዱልን ኮይኑ ዓቢ ስራሕ ክፍጽም ይኽእል።ፖለቲካ እምበኣር ከም መፈልፈልን መጠንከርን ሓባራዊ መረዳእታን ርድየትን መጠን፡ ድልዱል ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ምህናጽ ኣገዳስነቱ ዓቢ'ዩ።

## 5) ፖለቲካ ከም መስርሕ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ስልጣን

ኣብ ታሪኽ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕን ስልጣንን ሓድሽ ተርእዮ'ዩ። ኣቐዲምና ከምዘልዓልና፡ ኣብቲ ዝነውሐ ግዜ፡ ህዝቢ ግዝኡን ግሉልን ደኣምበር ዜጋን ወሳንን ኣይነበረን። ኣብቲ ዝነውሐ እዋን፡ ስልጣን ኩሉሳዕ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምቁጽጻር ውሑዳትን ንረብሓ ውሑዳት ዘገልግልን እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ስልጣን፡ ፖለቲካዊ ማዕርነትን ዜግነትን፡ ከም ኣምርን ተግባርን ምስ ዓወት ዘበናዊ ሰውራታት ዝመጸ፡ ውጽኢት ነዊሕን ጽንኩርን ቃልስታት'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብ መላእ ዓለም ሎሚ'ውን ተሳታፍነት ህዝቢ ብቓል'ኳ ቅቡል እንተሎ፡ ብግብሪ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ስማዊ ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ተሳታፍነት ህዝቢ ግን ስማዊ ኮይኑ ንኽይተርፍ ውዱብ ክኸውን ስለዘለዎ፡ ንህዝባዊ ተሳታፍነት ዘገልግል፡ ዝሰርሕ ትካላት ክህነጽ ኣለዎ። በበይኑ ማሕበራት ህዝቢ፡ ናይ ከባብኡ ኣካላት ምምሕዳር፡ ባይቶታት፡ ህዝቢ ርእይትኡን ነቐፌትኡን ዝገልጸሉ መድረኻት. ወዘተ ክህሉን ብኣድማዕነት ክሰርሕን ይግባእ። ብሓጺሩ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ዘረጋግጽ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎ ፖለቲካዊ መስርሕ ምርግጋጽ የድሊ።

ተሳታፍነት ህዝቢ መሰረት ድልዱል ፖለቲካዊ ስርዓት'ዩ። ህዝቢ ተዓዛቢ ዘይኮነስ ተሳታፊ ዝኾነሉ መንግስቲ፡ ርጉእን ድልዱልን እዩ ዝኸውን። ስለዚ ከኣ ብውሽጢ ሰላምን ፍትሕን ብምስፋን ንምዕባሌ ጥጡሕ ኩነታት ክፈጥር፡ ብደገ ድማ ንጸላእቲ ክምክትን ክስዕርን ዓቕሚ ይህልዎ።

ፖለቲካ እምበኣር፡ ከም ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ስልጣን ዘረጋግጽ መስርሕ መጠን፡ ንምትካል ድልዱል ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኣድላይነቱ ወሳኒ ኢዩ።

## 6) ፖለቲካ ከም መሳርሒ ለውጥን ምዕባሌን

ሕብረተሰብ ኣብ ቀጻሊ ለውጥን ምዕባሌን'ዩ ዝርከብ። ኣብ ሕብረተሰብ ድስካለ ማለት ምብትታንን ሞትን ማለት ስለዝኾነ፡ ሓደ ሕብረተሰብ ክሳብ ዘሎ፡ ናብ ዝሓሸ ወይ ዝኸፍአ፡ ናብ ቅድሚት ወይ ናብ ድሕሪት ክኸይድ ግድን'ዩ። ስለ'ዚ ለውጥን ምዕባሌን መናብርቲ ሕብረተሰብ ኢዩ።

ሂወት ሕብረተሰብ ኣብ ማእቶትን ምውላድን (Production and Reproduction) ኢዩ ዝምርኮስ። እዚ ማለት ከኣ፡ ሕብረተሰብ ንህይወት ዘድልዮ ነገራት ብዕዮ የፍሪ፣ ተካኢ ወለዶታት ከኣ ይወልድን ይኹስኩስን። እዚ ክልተ መሰረታዊ ናይ ማእቶትን ምውላድን መስርሓት ከኣ ብሱሩ ናይ ለውጥን ምዕባሌን መስርሓት'ዩ።

ስለዚ፡ ኣብ ሕብረተሰብ፡ ምምሕዳር ለውጥን ምዕባሌን ሓደ ካብቲ ቀንዲ ግድላት'ዩ። ኩሉ ለውጢ ጠቓምን ሃናጽን ስለዘይኮነ፡ ነቲ ጎዳእን ኣሉታውን ለውጥታት ብምውጋድ ወይ ብምእላይ፡ ነቲ ጠቓምን ኣወንታውን ከኣ ብምዕዛዝን ናብ ምዕባለ ብምቕያሩን ረብሓ ሕብረተሰብ ንምቕዳም  ብቑዕ ምሕደራ፡ ለውጥን ምዕብሌን ምርግጋጽ የድሊ። ፖለቲካ ከኣ ነዚ ናይ ምሕደራ ተራ ንምፍጻም እንጥቀመሉ ቀንዲ መሳርሒ'ዩ።

ኣብ ሕብረተሰብ ነቲ ኣብ መንጎ ወለዶታት፡ ኣብ መንጎ ኣረጊትን ሓድሽን ሓሳባትን ቴክኖሎጂን፡ ኣብ መንጎ ገስጋስን ኣድሓርሓርን ኣረኣእያታት፡ ሰንምን ዓቃብን ልምድታት፡ ለውጢ ዝደልን ዝጻረርን ማሕበራዊ ሓይልታት ቀጻሊ ወጥርን ውድድርን ቃልስን ሓይሊ ናብ ሃናጺ መትረብ ብምቕናዕ፡ ንረብሓ ርጉእን ኣፍራይን ምዕባለ ሕብረተሰብ ንምውዓሉ፡ ፖለቲካ ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ።

## 7) ፖለቲካ ከም መመሓደሪ ኣህጉራዊ ዝምድናታት

ህልዊ ኣህጉራዊ ስርዓት፡ ብሃብታማትን ድኻታትን፡ ብሓያላትን ድኹማትን ሃገራት ዝቖመ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ብመሰረቱ ብረብሓን ድሌትን ሃብታማትን ሓያላትን ሃገራት ዝተቐርጸን ዝግዛእን ስለዝኾነ፡ ብፍትሒ ዘይኮነስ ብሓይሊ፡ ብመትከል ዘይኮነስ ብረብሓ ስለ ዝእዘዝ፡ ኣብ ህልው ኣህጉራዊ ኩነታት፡ ሃገራዊ ረብሓ ምርካብን ምርግጋጽን ዓቢ ብድሆ'ዩ። ፖለቲካ

እምበረኣር - ዲፕሎማሲ'ውን ከም መሳሪሒኡ- ኣብዚ ብርትዒ ዘይኮነስ ብሓይሊ ዝግዛእ ኩነታት'ዚ፡ ሃገራዊ ረብሓ ንምርካብን ንምድንፋዕን፡ ምስ ካልኦት ሃገራት ብቐንዱ ኣብ ረብሓታት ዝተመስረተ ምትእስሳርን ምትሕግጋዝን ንምምዕባል፡ ሰለማዊ ሓባራዊ-ህላዌ ንምውሓስ፡ ከም ቀላሲ ሚዛን ሓይሊ፡ ከም መመሓዳሪ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ብደረጃ ዞባን ዓለምን የገልግል።

## 8) ፖለቲካ ከም መሳርሒ ቓልሲ

ኣብ ዘበናዊ ዓለም፡ ኣብ ውሽጢ ሃገራት ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ሓይልታት፡ ከምኡ'ውን ብደረጃ ዞባን ዓለምን ኣብ መንጎ ሃገራት፡ መሰልን ረብሓን ንምርግጋጽ ቃልሲ ክካየድ ንርኢ። ምኽንያቱ ናይ ረብሓን ድሌታትን ዘይምስናይን ምፍሕፋሕን፡ ስለዚ ከኣ ቃልሲ፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ መግለጺ ክውንነት ሕብረተሰባትን ሃገራትን'ዩ። ኣብዚ ቃልስታት'ዚ ድማ ፖለቲካ ወሳኒ'ዩ።

ፖለቲካ እምበኣር ከም መሳርሒ ቃልሲ፡ ዕላማ ብምንጻር፡ ህዝቢ ብምውዳብ፡ ጸላኢ ብምቅላዕን ብምድኻምን ከም መወደብን መነቓቕሕን መሳርሒ መሰረታዊ ግደ ኣለዎ።

# ምትእስሳር ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን

ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ናይ ሓድነትን ፍልልይን ምትእስሳር ንረክብ። ንስነሓሳብን ፖለቲካን ብዝሓሸ ንምርዳእ ነቲ ኣብ መንጎ ዘሎ ምትእስሳር ምምርማር ስለ ዘድሊ፡ ቀጺልና ነቲ ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዘሎ ምትእስሳር ብሰለስተ ደረጃታት ክንምርምሮ ኢና።

## 1) ራእይን ፕሮግራምን (Vision and Program)

ራእይ ቀንዲ መግለጺ እንታይነት ሰብ'ዩ። ዝኾነ ሰብኣዊ ንጥፈት ብዘይራእይ ኣይፍጸምን'ዩ። ብመባእታዊ ደረጃ ኣብ ዕለታዊ ሂወት ደቂ ሰብ እንተ ራኣና ኩሉ ንጥፈታት ብዘይ ናይቲ ክብጻሕ ዝድለ ራእይ ኣይፍጸምን ኢዩ። ሓደ መደብ ንምፍጻም፡ ንበል ገዛ ንምስራሕ፡ ብቐዳምነት ራእይ ይህሉ። እቲ ራእይ ብግቡእ ኣብ ወረቐት ዝተነጸረ ሞያዊ ንድፊ ወይ ኣብ ሓንጎል ፈጻምቱ ዘሎ ሓርፋፍ ውጥን ክኾውን ይኽእል። እቲ ስራሕ ከኣ ብኡኡ ተመሪሑ ይፍጸም። በዚ ከኣ እታ ብኣካል እትሰራሕ ገዛ ተምሳል ናይታ መጀመርያ ብሓሳብ ዝተሰርሐት ገዛ ትኾውን። ሰብ ነቲ ዝሰርሖ ኣቐዲሙ ስለዝሓስበሉ፡ ናይቲ ክሰርሖ ዝደሊ ኣቐዲሙ ራእይ ስለ ዝህልዎ፡ ንጥፈቱ ካብቲ እንስሳታት ብባህርያዊ ድፍኢት ዘካይድዎ ንጥፈት ዘይነበረ ከም ዝህሉ ዝገብር ንጥፈት ኢዩ። ስለዚ ብዘይ እቲ ዘይነበረ ንኽህሉ ዘኽእል ናይ ምሕሳብ ዓቕሚ፡ ማለት ብዘይ ንቕሓትን ራእይን ኣይፍጸምን'ዩ። በዚ መረዳእታ'ዚ እምበኣር ንታሪኽ ከም ወዲ ሰብ ናይ ሂወቱ ሕቶታት ንምምላስ ዝሕግዞ ራእይ ዘማዕበለሉ መስርሕ ጌርና ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ስለዚ ታሪኽ ብዘይ ራእይ ኣይሰርሕን ኢዩ። ኩሉ ዓበይቲ ኣሳልጦታት ኣብ ታሪኽ ከኣ ብድሕሪኡ ዝድርኾ ዓበይቲ ራእያት ኣሎ። ራእይ'ምበኣር ቅድመ-ኩነት ዓወት ስለዝኾነ፡ ኣብ ታሪኽ ዕላማታቱ ንምርግጋጽን ዕማማቱ ንምፍጻምን ዝመርሖ ራእይ ከየማዕበለ ዝተዓወተ ህዝቢ፡ መንግስቲ ወይ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኣይተራእየን።

ራእይ ግን ታሪኽ ንምስራሕ ንበይኑ እኹል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ራእይ እቲ ሓፈሻዊ ክብጻሕ ዝድለ ዕላማ ስለዝኾነ፡ ስጉምቲ ብስጉምቲ ኣብ ግብሪ ዘውዕሎ ብልሓት ክህሉ ኣለዎ። እዚ ቀስ ብቐስ ናብ ራእይ ዘብጽሕ ብልሓት ከኣ ፕሮግራም ይበሃል። ስለዚ ራእይ ብፕሮግራም እንተዘይተዘርዚሩ ጽቡቕ ምንዮት ኮይኑ ጥራይ'ዩ ዝተርፍ። ፕሮግራም እምበኣር እንታይ፡ ብኸመይ፡ ኣበይ፡ መዓስ ዝብሉ ሕቶታት ብምልዓል ግብራዊ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራዊ መደባት ይሕንጽጽን ኣተገባብርኡ ይግምግምን። ስለዚ እምበኣር ኣብ ራእይ ዝምርኮስን ብደፋእታ ናብኡ ዘብጽሕን ፕሮግራም ግድን ኣድላያይ'ዩ።

ራእይ ብደረጃ ስነሓሳብ፡ ዕላማታት፡ መትከላት፡ ክብርታት ከም ዝግለጽ፣ ፕሮግራም ከኣ ብደረጃ ፖለቲካ፡ ፖሊሲታት፡ ስትራተጂታት፡ ውጥናት ከምዝገልጽ፣ ክልቲኡ ብሓባር ከኣ፡

ራእይ ብመገዲ ፕሮግራም ግብራውነት ከም ዝለብስን ፕሮግራም ከኣ ብመገዲ ራእይ መርሖን ዕላማን ከም ዝረክብን ክውሰድ ይከኣል። በዚ ኻኣ እዚ ኣብ መንጎ ራእይን ፕሮግራምን ዘሎ ምትእስሳር ሓደ መርኣያ ናይቲ ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዘሎ ምትእስሳር'ዩ።

## 2) ክብርታትን ፖሊስታትን (Values and Policies)

ሰብ ክብሪ  ዝህቦን ዝብህጎን ከም ፍትሒ፣ ማዕርነት፣ ሓርነት፣ ራህዋ፣ ፈጠራውነት፣ ስኒት. ዝኣመሰለ ጽቡቕ ነገራት ኣሎ። እዚ ጽቡቕ ነገራት'ዚ እዩ ከኣ ክብርታት ዝበሃል። ኩሉ ሰብ ግን ንኹሉ እቲ ዝብህጎ ክብርታት ኣብ ሓደ እዋንን ብማዕረ ደረጃን ክረኽቦ ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ ሕብረተሰብ ክብርታት እንታይ፣ ብኸመይ፣ መዓስ ይርከብ ዝውስኑሉ ብልሓት ክህልዎ ኣለዎ። እዚ ብልሓት'ዚ ኸኣ ፖሊሲ ይበሃል። ፖሊሲ እምበኣር ክብርታት እንታይን ብኸመይን መዓስን ከም ዝርከብ ዝውስን ፖለቲካዊ መጋበርያ'ዩ።

ነዚ ኣብ መንጎ ክብርታትን ፖሊሲታትን ዘሎ ምትእስሳር ብኣብነት ምራኣዩ ሓጋዚ'ዩ። ንኣብነት ፖሊሲ ምዕሩይ ምዕባሌን ጾታዊ ማዕርነትን እንተወሲድና መግለጺ ክብርታት ማሕበራዊ ፍትሕን ማዕርነትን ንዕኡ ብዘገልግል ፖሊሲታት ጥራይ ኣብ ግብሪ ክውዕል ከምዝኽእል ንርዳእ። እዚ ማለት፣ ፖሊሲ፣ ክብርታት ብኸመይ ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ናይ ምውጣንን ምትግባርን ምግምጋምን መስርሕ ኢዩ ማለት'ዩ። ስለ'ዚ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ዘሎ ምትእስሳር፣ ክብርታት ሰረት ፖሊሲ፣ ፖሊሲ ከኣ መሳርሒ ክብርታት ኢዩ ኢልና ብሓጺሩ ክንገልጾ ንኽእል። እዚ ምትእስሳር'ዚ ኸኣ ሓደ መርኣያ ናይቲ ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዘሎ ምትእስሳር'ዩ።

## 4) ክልስሓሳብን ውዳቤን (Theory and Organization)

ክልሰሓሳብ ማለት፣ ብቐሊል ኣተረጓጉማ፣ ካብ ዝተፈላለየ ትዕዝብታትን ፈተነታትን ተመክሮታትን ዝተዋህለለን ዝተጸሞቘን፣ ንሓፈሻዊ ጠባያትን ኣንፈታትን ዝገልጽ፣ ናይ ሓሳባት ስርዓት (ሞዴል) ማለት'ዩ። ክልሰሓሳብ ናይ ሓደ ተርእዮ ወይ ኩነታት ንምግላጽን ንምርዳእን፣ ከምኡ'ውን መጻኢ ኣንፈታት ንምትንባይን የኽእል። ስለዚ ብዘይ ክልስሓሳብ ግብሪ ምሉእ ኣይኮነን። ክልስሓሳብ ዝጎደሎ ግብሪ ዘይሓስብን ዘይመራመርን ስለዝኾውን ድሩትን ዝተደናገረን ዘይኣድማዕን'ዩ እምበኣር ክልሰሓሳብ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ሰብኣዊ ፍልጠትን ግብርን ወሳኒ'ዩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ሂወት ክልሰሓሳብ ኣድላይ'ዩ። ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ ግድላት ንኣብነት፣ ብዘይ ኣብ ምርምር ዝተመስረተ ክልሰሓሳባዊ መረዳእታ ብቑዕ ፍታሕ ክረክብ ስለ ዘይክእል፣

ክልስሓሳብ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ መሳርሒ'ዩ። ስለዚ ክልስሓሳብ መሰረት ፖለቲካዊ ውዳቤ ክኸውን ኣለዎ።እዚ ማለት ክልሰሓሳብ እቲ ፖለቲካዊ ውዳቤ ዝምስረተሉ ቅኑዕ ገምጋምን ኣረኣእያን ንኽህልዎ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ፖለቲካዊ ውዳቤ ክልሰሓሳብ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል የኽእሎ ማለት'ዩ። በዚ እምበኣር እዚ ኣብ መንጎ ክልስሓሳብን ውዳቤን ዘሎ ምትእስሳር ተወሳኺ መርኣያ ናይቲ ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዘሎ ምትእስሳር እዩ።

ብሓፈሻ፡ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ሰለስተ ምትእስሳራት ስነሓሳብን ፖለቲካን፡ ኣብ መንጎኡ ዓሚቕ ሓድሕድ ምምርኹስ ስለ ዘለዎ፡ እቲ ሓደ ብዘይ እቲ ኻልእ ንበይኑ ምሉእ ከም ዘይኮነ ንርዳእ። እዚ ማለት ስነሓሳብ ብፖለቲካ ሓይሊ ረኺቡ፡ ኣብ ሂወት ሕብረተሰብን ምዕባሌኡን ጭቡጥ እጃም ብምልዓል ግብራዊ ይኸውን። ፖለቲካ ናይ ስነሓሳብ ጭቡጥነት የረጋግጽ ማለት እዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ፡ ፖለቲካ ካብ ስነሓሳብ ሓይሊ መርሖን ራእይን ረኺቡ፡ ብዕላማን ሓሳባትን እምነትን ተቐሊሱ፡ ሰብ ሃረር ዝብሎ ክብርታት ብምፍራይ ጽቡቕ ሕብረተሰብ ንምህናጽ የገልግል ማለት ኢዩ።

# መጠቓለሊ

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ምዕራፋት ብዛዕባ ትርጉምን ኣድላይነትን ስነሕእሳብን ፖለቲካን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዘሎ ምትእስሳር ዘቲና ኣሎና። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ መለለይ ትርጉም ስነሓሳብን ፖለቲካን ብምግላጽ ኣድላይንቱን ግደኡን ኣብ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ንምርዳእ ፈቲንና።

ናይዚ ክሳብ ሕጂ ዝቐረበ ሓፈሻዊ መግለጺ'ዚ ቀንዲ ዕላማ፡ ነቲ ስዒቡ ዝመጽእ ምዕራፋት መበገሲ ክኸውን'ዩ። ምኽንያቱ ብዛዕባ ስነሓሳብን ፖለቲካን መበገሲ ዝኸውን መባእታ ፍልጠትን መረዳእታን ከይሓዝና፡ ብዛዕባ ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብምህናጽ ሃገር ዘለዎ ኣገዳስነትን ግደን ክንዝቲ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ነዓና ከም ኤርትራውያን ኣውራ ዘገድሰና ኸኣ፡ ብዛዕባ ስነሓሳብን ፖለቲካን ብግብሪ ኣብ ምህናጽ ኤርትራ እንታይ ከም ዝጠቕመና ምፍላጥ'ዩ።

ነዚ ዝቐደመ ምዕራፋት ከም መበገስን መወከስን ብምውሳስ እምበኣር፡ ቀጺልና መጀመርያ ብዛዕባ ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ሃገራት ብሓፈሻ፡ ስዒቡ ድማ ብዛዕባ ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምዕዋት ሰውራ ኤርትራን ምህናጽ ድልድልቲ ኤርትራን ብቐደም ተኸተል ክንርኢ ኢና።

# ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ሃገራት

ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ሃገራት መሰረታዊ ኣገዳስነትን ግደን ከም ዝነበሮ ታሪኽ የረድኣና። ምህናጽ ሃገር ከም ኩሉ ዓቢ ታሪኻዊ ስራሕ፡ ብዘይ ሓሳባትን ራእይን እምነትን ክዕወት ዝከኣል ኣይኮነን። ምህናጽ ሃገራት ኣብ መላእ ዓለም እምበኣር፡ ብስነሓሳብ ሃገራውነት ብዝተመርሐን ዝተወደበን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ተመሪሑ ኢዩ ተዓዊቱ። ነዚ ዘረድእ ገለ ኣብነታት ምርኣይ ንዘተና ሓጋዚ ስለዝኾነ ቀጺልና ነቕርቦ።

ኣብቲ ዘበናዊ ሃገራት ንመጀመርያ ዝተቐልቀላሉ ምዕራብ ኤውሮጳ፡ ካብቲ ዝተጨራረመ መስፍናዊ ግዝኣታት ሓደን ምእኩልን ሃገራዊ መንግስቲ ንምትካል ዝተኻየደ ቃልሲ፡ በቲ ንስነሓሳብ ሃገራውነት ዝውክል ዝነበረ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት እዩ ተመሪሑ። ኣተሃናንጻ ሃገራት ኣብ ኤውሮጳ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝፈላለ ጠባያት'ኳ እንተነበሮ፡ ኣብ ኩሉ ግን ስነሓሳብ ሃገራውነትን ንዕኡ ዝውክል ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን ወሳኒ ግደ ኔርዎ'ዩ። ኣተሃናንጻ ዘበናዊ ሃገራዊ መንግስቲ ኣብ ዓዲ እንግልዚ ንኣብነት፡ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ደፋእታዊ መስርሕ ኢዩ ኔሩ። በንጻሩ ኣብ ፈረንሳ ግን፡ ሰውራ ተኻይዱ ኣብ ሓጺር ዓመታት ሱርበተኽ ለውጢ መጺኡ። ኣብ ክልቲኤን ሃገራት ግን፡ ነቲ መስርሕ ዝመርሕ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብጽገናዊ ስነሓሳብ ዝተመርሐ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ፈረንስ ኸኣ ብሰውራዊ ስነሓሳብ ዝተመርሐ ምንቅስቓስ ነይሩ'ዩ። ኣብ ኣተሃናንጻ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ብተመሳሳሊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣገዳሲ ግደ ሒዙ ንረኽቦ። ኣብ ኣሜሪካ ኣንጻር መግዛእቲ እንግልዚ ዝቖንዐ ሃገራዊ ሰውራ ድሕሪ ምዕዋቱ እዩ ነጻ ሃገራዊ መንግስቲ ዝተተኽለ። እቲ ሰውራ ከኣ ብናይ ናጽነትን ማዕርነትን ስነሓሳብ ሸሕ'ኳ እቲ ናጽነትን ማዕርነትን ንርኹባትን ጸዓዱን ጥራይ ዝምልከት ጊላነት ክቐጽል ዘፍቅድን እንተነበረ - ብሃገራዊ ስነሓሳብ ተመሪሑ'ዩ ዝተዓወተ። ቅዋም ኣመሪካ ከም ናይቲ ስነሓሳብ ቀንዲ ሰነድ መጠን፡ ኣብ ምህናጽን ምድልዳልን ኣሜሪካ ከም ርእሰ-ሓያል ሃገር ዓቢ ኣበርክቶ ምግባሩ ድማ ግደ ስነሓሳብን ፖለቲካን ክሳብ ክንደይ ወሳኒ ምዃኑ የረጋግጽ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኸኣ ስነሓሳባዊ ሓይሊ ኣሜሪካ ስግር ዶባቱ ኣብ መላእ ዓለም ብማዕከናት ዜናን ኢንዱስትሪ ምዝንጋዕን ዝዝርግሖ ዘሎ ጽልዋ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣዕኑድ ዕብለላ ኣሜሪካ ኣብ ዓለም ኮይኑ ኣሎ።

ኣተሃናንጻ ዘበናዊት ጃፓን'ውን ካልእ ኣገዳሲ ተመክሮ'ዩ። ክሳብ ካልኣይ ፍርቂ 19 ዘበን፡ ጃፓን ካብ መስፍንነት ኣይወጸትን ነይራ። ኣብቲ ዓመታት'ቲ ግን፡ ጃፓን ሳይንስን ቴክኖሎጂን ከይመለኸት ምስ ሃገራት ምዕራብ ክትወዳደር ከምዘይትኽእል ዝተገንዘበ ሓድሽ መሪሕነት ረኺባ። እዚ መሪሕነት'ዚ ኸኣ ንጃፓን ኣብ ውሽጢ 30-40 ዓመታት ናብ ኢንዱስትሪያዊት ሃገር ለዊጥዋ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ እቲ ኣብ ጥንታዊ ባህሊ ጃፓን ዝተመስረተ ንጉሳዊ ስነሓሳብ ኣገዳሲ ተራ ነይርዎ'ዩ። ነዊሕ ታሪኽ ስልጣኔ ናይ ዘለዋ ቻይና ዘበናዊ ታሪኽ፡ ካብ ናይ ጃፓን ዝተፈለየ'ዩ። ኣብ 19 ዘበን ቻይና ናብ ምንቁልቋልን ምብትታንን ስለ

ዝኣተወት፡ ኣብ ትሕቲ ሃገራት ምዕራብ ሓውሲ-ግዝእቲ ኮይና ነይራ። ድሕሪ'ቲ ብ1921 ዝተመስረተ ዴሳዊ ሰልፊ ቻይና ን28 ዓመታት ዘካየዶ ብረታዊ ቃልሲ ከኣ እዩ ሰውራ ቻይና ብ1949 ዝተዓወተ ። ኣብዚ ተሞክሮ'ዚ፡ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ዓወት እቲ ሰውራን ናይ ድሕሪ ሰውራ ህንጸትን፡ ብመገዲ እቲ ዴሳዊ ሰልፊ መሪሕ ተራ ሒዙ ይርከብ።

ነዚ ሒዝናዮ ዘሎና ምዕራፍ ቅድሚ ምድምዳም፡ ተመክሮ ክፍለ-ዓለምና ኣፍሪቃ ምምልካት ኣድላይ'ዩ። ብዙሓት ኣፍሪቃውያን ተመራመርትን ተቓለስትን፡ ሓደ ካብ መሰረታዊ ግድላት ኣፍሪቃ፡ ምህናጽ ሃገር ክዕወት ዝኽእል ብቑዕ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዘይምምዕባሉ ምዃኑ ይሰማምዑ ኢዮም። ኣብ መብዛሕተአን ሃገራት ኣፍሪቃ እቲ ኣብ እዋን ጸረ-መግዛእታዊ ቓልሲ ዝተንሰአ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምንቅስእቃስት፡ ድሕሪ ናጽነት ህዝቢ ወዲቡን መሪሑን ምህናጽ ሃገር ከካይድ ኣይከኣለን። ስለዚ መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃ ህዝበን ራህዋን ፍትሕን ዝረኽበለን ድልዱላት ሃገራት ክኾና ኣይከኣላን። ብሕጂ'ውን ሃገራት ኣፍሪቃ ካብዘልውኦ ናይ ተጸጋዕነትን ድኽነትን ሕማቕ ኩነታት ተገላጊለን ብሓቂ ሓራ ክኾና እንተኾይነን፡ ብተሳታፍነት ህዝቢ ምህናጽ ሃገር ክመርሕ ዝኽእል ስነሓሳባዊ ሓይልን ፖለቲካዊ ውዳቤን ዘለዎ መሪሕ ሓይሊ ከማዕብላ ኣለወን።

ኣብዚ ዝጠቐስናዮ ተሞኩሮታት፡ ዝተፈላለየ ስነሓሳባትን ፖለቲካዊ ውዳቤታትን፣ ጽገናዊ፡ ሰውራዊ፡ ንጉሳዊ፡ ዴሳዊ፡ ሊበራላዊ ስነሓሳባትን ውዳቤታትን ንምህናጽ ሃገር መሪሑ ከም ዘዐወተ ርኢና። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ፍሉይ ታሪኽን ኩነታትን ስለ ዘለዋ ኢዩ። እዚ ተመክሮታት'ዚ፡ ምህናጽ ሃገር ኣብ ኤርትራ ንምዕዋት ኣብ ታሪኽናን ፍሉይ ኩነታትናን ዝተመስረተ ስነሓሳባዊ ዓቕምን ፖለቲካዊ ውዳቤን ከምዘድልየና የገንዝበና። ቀጺልና እምበኣር ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ዓወት ሓርነታዊ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራን ምህናጽ ድልድልቲ ኤርትራን ክንርኢ ኢና።

# ኣገዳስነት ግደን ስነሓሳብን ኣብ ፖለቲካን ኣብ ሓርነታዊ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ

ሰውራ ኤርትራ፡ ሓይሊ ፍትሓዊ ዕላማን ስውራዊ ሓሳባትን፡ ሓይሊ ዝነቕሐን ዝተወደበን ዝተወፈየን ተጋዳላይ ሰብ ዘመስከረ ተመክሮ ምንባሩ ቅኑዕ መግለጺ'ዩ። ብሓጺሩ ተመክሮ ሰውራ ኤርትራ ሓይሊ ሓሳባትን ሓይሊ ውዳቤን ዘረጋገጸ፡ እዚ ረቛሕ ሓይሊ'ዚ ክሳብ ክንደይ ወሳኒ ምዃኑ ዘግሃደ ዕዉት ተመክሮ ኢዩ። ስለዚ ከኣ ኢና ሰውራ ኤርትራ ብዘይ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ክቕጽልን ክዕወትን ኣይምኽኣለን ነይሩ ንብል።

ሰውራ ኤርትራ ነቲ ኩሉ ግዜን ብቐጻልን ብውሽጢ ይኹን ብደገ ኣንጻሩ ዝነበረ ሚዛን ሓይሊ ናብ ረብሕኡ ቀይሩ ንኽዕወት፡ ልዑል ደረጃ ውዳቤን ተወፋይነትን፡ ፈጠራውነትን ተበግሶን የድልዮ ኔሩ። ስለዚ ኸኣ ንድኻም ናብ ሓይሊ፡ ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ ብምቕያር ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ ንኽዕወት ዘኽኣሎ ብልሓት ማለት፡ ነዚ ዘገልግሎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ክማዕብል ነይርዎ። እቲ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ብነዊሕ ውሽጣዊ ቓልሲ ዝማዕበለ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ከኣ ነዚ ግደ'ዚ እዩ ኣበርኪቱ።

እቲ ንሰውራ ኤርትራ ብዓወት ንምዝዛም ዝድለ ዝነበረ ልዑል ደረጃ ስነሓሳባዊ ብቕዓትን ፖለቲካዊ ሓይልን፡ ብነዊሕን ብርቱዕን መስርሕ ቃልስን ተመክሮን እናማዕበለ ዝደንፈዐ እዩ ኔሩ። እቲ ናብ ዓወት ዝመርሕ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ከኣ ብውሽጣዊ ቃልሲ እዩ ማዕቢሉ። እቲ ኣብቲ ቀዳማይ መድረኽ ብረታዊ ቓልሲ ኣብ 1960'ታት ብሰንኪ ግጉይ መስመርን ኣካይዳን መሪሕነት ተሓኤ ዝተጋህደ ዓማሚ ቕልውላው ዓቢ ብድሆ እዩ ኔሩ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ ከኣ፡ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ነዚ ቕልውላው'ዚ ንምፍታሕ ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ እዩ ክምዕብል ጀሚሩ። በቲ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ፡ ቀጺሉ ከኣ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ሓይልታትን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ተሓኤ ህሓን ዝተኻየደ መስርሕ ቃልሲን ለውጥን ከኣ፡ እቲ ንሰውራ ኤርትራ ናብ ዓወት ከብጽሖ ዝኽእል ሰውራዊ ስነሓሳብን እናማዕበለን እናተነጸረን ስጉሙ። ኣብ መወዳእታ 1970'ታትን  ድሕሪኡን ከኣ፡ እቲ ሰወራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን መሰረት ንጹር ራእይን ሓያልን ውዳቤ ዘንቀሳቕሶ ንቑሑን ውፉይን ተጋዳላይ ሰብን ኮይኑ ናብ ዓወት ኣብጺሑ። እዚ መስርሕ'ዚ፡ ኣብቲ መጀመርያ ብቕልውላውን ሰንከልከን ዝናት ሓድሕድን፡ ድሕሪኡ ከኣ፡ ብንቕድሚት ምድፋእን ንድሕሪት ምምላስን፡ ከም ብሓድሽ ድማ ንቕድሚት ምድፋእን ዓወትን እዩ ሓሊፉ።

እቲ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝማዕበለ ሰውራዊ ስነሓሳብ ውጽኢት ውሽጣዊ ቓልስን ተመክሮን ጥራይ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ካብ ኣህጉራዊ ተመክሮ ቃልሲ ዝረዓሞ ሰውራዊ ሓሳባትን ተሞክሮታትን፡ ከምኡ'ውን ካብ ተመክሮ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ግዙኣት ህዝብታት

ዝቐሰሞ ተመክሮ ኣገዳሲ መበገሲ ኮይንዎ'ዩ። በዚ ኸኣ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ህዝባዊ ግንባር፡ ፍረ ምውሳብ ሃገራውን ኣህጉራውን ተሞክሮታት ኮይኑ፡ ብግብሪ ኤርትራዊ ታሪኽ ንምስራሕ ኣኽኢሉ።

ውሽጣዊ ምዕባሌ ሰውራ ኤርትራ፡ በቲ ኣብ መንጎ ሰውራዊ መስመርን ኣድሓርሓሪ መስመርን ዝተኻየደ ስነሓሳባውን ፖለቲካውን ቃልሲ ዝድረኽ እዩ ነይሩ። እቲ ሰውራዊ መስመር፡ ንኣውንታውን ሃናጽን መዳያት ባህሊ ባህሊ ኤርትራ ከም ባይታ ብምውሳድ፣ ሓድነት፡ ስኒት፡ ሓይሊ ኣብ መወዳእታ ከኣ ዓወት ከፍሪ ዝኽኣለ መስመር ኢዩ። እቲ ኣድሓርሓሪ መስመር ግን በንጻሩ ንኣሉታውን ኣፍራስን መዳያት ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ከም ባይታ ብምውሳድ፡ ምክፍፋል፡ ምትፍናን፡ ምድኻምን ምብትታንን፡ ኣብ ምወዳእታ ከኣ ስዕረት ዘውጽኢቱ መስመር ኢዩ። እዚ ኣብ መንጎ'ዚ ክልተ ተጻራሪ መስመራት'ዚ ዝተኻየደ ስነሓሳባውን ፖለቲካውን ቃልሲ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ፡ ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.፡ ኣብ መንጎ ተሓኤን ህግን እዩ ተኻይዱ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ፡ ህዝባዊ ግንባር ከም ወካሊ ሰውራዊ መስመር ወሳኒ ሓይሊ ምስ ኮነ ከኣ'ዩ ብረታዊ ቃልሲና ዓወት ዝበጽሓሉ መስመር ዝሓዘ።

ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ካብ 1978 ጀሚሩ ንሰውራ ዝገጠሞ ዓብን ወሳኒን ብድሆ ተፈቲኑን ደልዲሉን ወጺኡን እዩ። ብገዚ ምትእትታው ሕብረት- ሶቭየት ሚዛን ሓይሊ ናብ ረብሓ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምስ ዘበለ፡ ንድሕሪት ምምላስ ግድን'ዩ ኔሩ። እዚ ናይ ድሕሪት ምምላስ፡ ናይ ተዛማዲ ድኻም ኩነታት'ዚ ኸኣ ግዝያውን ሓላፍን ክገብሮ ዝኽእል መሪሕ ውድብ እንተዘይነብር ናብ ስዕረት ክቕየር ምኽኣለ ነይሩ። እቲ ሽዑ ዝነበረ ክልተ ምርጫታት ምቕጻል ቃልሲ ክሳብ ዓወት ወይ ምምብርኻኽ ኢዩ ኔሩ። ናብ ምምብርካኽ ዝደፍእ ውሽጣውን ግዳማውን ኩነታትን ሓይልታትን ከኣ ኣነኣኢስካ ዝረአ ኣይነበረን። እቲ ናይ ምቕጻል ቃልሲ፡ ብናይ ምዝላቕ ስትራተጂ ተዓዊቱ፡ ተደጋጋሚ ወራራት ደርግ ክፈሽልን ቀስ ብቐስ ሚዛን ሓይሊ ናብ ረብሓ ሰውራ ክቕየርን፡ ኣብ መወዳእታ ጸላኢ ክሰዓርን ዝኽኣለ ኸኣ፡ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዝኽተል ውድብ ማለት ህዝባዊ ግንባር ስለዝነበረ'ዩ።

ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን እምበኣር፡ ሓርነታዊ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ዓወት ዝፈጠረሉ ጥበብ እዩ ተባሂሉ ብሓጺሩ ክግለጽ ይከኣል። ምኽንያቱ፡ ልዑል ደረጃ ሓድነት ኣረኣእያን ግብርን ጽንዓትን ምጽማምን ዘለዎ ድልዱል ፖለቲካዊ ውድብን ናቱ ነጸብራቕ ዝኾነ ሓያልን ውፉይን ህዝባዊ ሰራዊትን ሃኒጹ። እቲ ኣብ ፖለቲካ ግሉል ዝነበረ ህዝቢ፡ ኣብ ሰውራ ንጡፉን ንቑሑን ተሳታፊ ብሙኳን ወሳኒ መጻኢ ዕድሉ ክኸውንን ዓወት ክዓትርን ከኣ ክኢሉ።

ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ህዝባዊ ግንባር ብሰለስተ ኣዕኑድ ዝቖመ'ዩ፡-

**ሃገራውነት** - ሓድነትን ማዕርነትን ህዝቢ ኤርትራ፣ ልዕሊ ኹሉ ንሃገር እሙንን

*ምእዙዝን ዜጋ ምዅስኳስ፣ ምውጋድ ፖለቲካዊ ትሕተ-ሃገራውነት፣ ምርግጋጽ ሓድንት ኣብ ብዙሑነት፣ ምህናጽ ኣብ ድሌትን ተሳታፍነትን ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ዝምርኮስ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስርዓትን ትካላቱን፣ ምዅስኳስ ሃገራዊ ሓባርዊ መረዳእታ፣ ምርግጋጽ ሃገራዊ ረብሓ፣*

***ማሕበራዊ ፍትሒ*** *- ሃገራውነት ምስ ማሕበራዊ ፍትሒ ብምውሳብ፡ ምህናጽ ኣብ ፍትሕን ማዕርነትን ዝተመስረተት ሃገር፣ ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን፡ ማእከልን ወሰናስንን፡ ርኹባትን ዘይርኹባትን ዘሎ ጋግ ብምጽባብ፡ ምኽፋት ማዕረ ዕድላትን ምርግጋጽ ምዕሩይ ምዕባለን፣ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕርነትን ምሕዝነትን ምርግጋጽ፣ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሽን ባህርያዊ ከባቢ ዝሕሉን ቀጻልነት ዘለዎ ቍጠባዊ ዕብየት ምርግጋጽ፣ ደሞክራሲ ከም ንፖለቲካውን ማሕበራውን ቁጠባውን ሂወት ዝሰርዕ መሰረታዊ መትከል ምትግባር፣ ኣብ ርድየትን ንጡፍ ተሳታፍነትን ህዝቢ፡ ኣብ ግዝኣተ ሕጊ ዝተመስረተ ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ምትካል፣.።*

***ንቑሕን ውፉይን ተቓላሳይ ዜጋ*** *- ረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘቐድም ሓቐኛን እሙንን፣ ንስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣሚኑ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ዝቃለስ፣ ርእሰ ምትእምማን፡ ምቕሉልነት፡ ሚዛናውነት ዘለዎ፣ ስነፍልጠታውን ነቑፌታውን ኣረኣእያ፡ ሰፊሕን ተጻዋርን ኣጠማምታ ዘማዕበለ፣ ወጽዓን በደልን ዘይጻወርን ኣንጻሩ ብትሪ ዝቃለስን ንቑሕን ውፉይን ተቓላሳይ ዜጋ ምህናጽ።*

*ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ፡ ሓይሊ ሓሳባትን ሓይሊ ውዳቤን ዘመስከረ ታሪኽ'ዩ። እዚ ተመክሮ'ዚ ከኣ ሰውራዊ ስነሓሳብን ፖለቲካን ናብ ሓፋሽ ሰሪጹ ታሪኽ ከም ዝሰርሐ ኣረጋጊጹ ኣሎ።*

# ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ዘበናዊት ኤርትራ

ኣብ ዝቐደመ ምዕራፋት፡ ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን፡ ማለት ሓይሊ ሓሳብትን ሓይሊ ውዳቤን ንምህናጽ ፍትሕን ራህዋን ዝሰፈና ድልድልቲ ኤርትራ ወሳኒ ምዃኑ ተገንዚብና ኣለና። እዚ ማለት፡ ንረብሓን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ስነሓሳባዊ ዓቕምን ፖለቲካዊ ሓይልን ከይማዕበለ፡ ድልድልቲ ኤርትራ ምህናጽ ኣይከኣልን'ዩ ማለት'ዩ። ስነሓሳባውን ፖለቲካውን ዓቕሚ ማለት ክኣ ብቐዳምነት ዝተወደበ ፖለቲካዊ ሓይልታት ማለት ስለ ዝኾነ፡ ኣብዚ መስርሕ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ከም ሰውራ መሪሑ ዘዐወተ፡ ኣብ ህዝቢ ሰፊሕ ሰረትን ደገፍን ዘለዎ፡ ንሃገራዊ ረብሓን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝተወፈየ ዲሞክራስያዊ ሓይሊ መጠን፡ ማእከላይ ቦታ ኣለዎ።

ቀጺልና እምበኣር ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብ ከምኡ'ውን ፖለቲካ፡ ኣብ ምህናጽ ዘበናዊት ኤርትራ ብቐደም ተኸተል ንርአ።

## ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብ

ሰውራ ኤርትራ ብዘይ ዝመርሖ ብቑዕ ሃገራዊ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ክዕወት ይኽእል ከምዘይነበረ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዘቲና ነይርና። ሕጂ'ውን፡ ሃገራውነት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ንቑሕን ዉፍይን ተቓላሳይ ዜጋ ከም ሰለስተ ኣዕኑድ- ማእከሉ ዝወሰደ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ድልድልቲ ኤርትራ ንምህናጽ ቀንዲ መሳርሒና እዩ።

ነዚ ኣገዳስነት'ዚ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሃገራዊ ቻርተር፡ "ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ምስ ኩሉ ብርቱዕን ሓደጋታቱን ዝተዓወትና፡ ከም ሓርነታዊ ምንቅስቓስን ህዝብን ብዛዕባ'ቲ ክንበጽሖ እንደሊ ሸቶ ናጽነትን ሰላምን ንጹር መረዳእታ፡ ሓባራዊ ራእይ ስለዝነበረና ኢዩ። ሎሚ'ውን ብዛዕባ መጻኢ ኤርትራን ህዝባን ራእይ ክህልወና ኣለዎ። እዚ ራእይ'ዚ ኣብ ልብን ሃምን ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሰሪጹ፡ ንምዕዋቱ ተወዲቡ ከምዝቃለስ ምግባር ድማ ቀዳማይ ዕማምና ክኸውን ይግባእ።" ብምባል ገሊጽዎ ኣሎ።

ኣብ ምህናጽ ድልድልቲ ኤርትራ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘለዎ ኣገዳስነትን ግደን በዚ ዝስዕብ ኣርባዕተ ነጥብታት ክንዝትየሉ ንኽእል።

1. **ምንዳቕ ታሪኻዊ ንቕሓት**

ስነሓሳብ ናይ ሕሉፍ - ህልዊ መጻኢ ዝተጠምረ መረዳእታ ብምፍጣር፡ ታሪኻዊ ንቕሓት ከም ዝነድቕ ኣቕዲምና ተመልኪትና ነይርና።
ስለዚ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ድልዱል መሰረትን ጥምረትን ዘለዎ፡ እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ዝፈልጥ፡ ናብቲ ዝደልዮ ንምብጻሕ ከኣ ሓያል መንፈስን ቆራጽነትን ዘውንን ሕብረተሰብ ንምህናጽ ከገልግለና'ዩ። ብፍላይ ናይ መንእሰይ ወለዶ ታሪኻዊ ንቕሓት ብምህናጽ፡ ካበይ ከምዝመጸ ዝፈልጥን ብመንነቱ ዝሕበንን፡ ኣበይ ከም ዘሎ ዝግንዘብን ንዘለዎ ብድሆታት ብትብዓት ዝገጥምን፡ ናበይ ይኸይድ ከምዘሎ ዝርዳእን ታሪኽ ዝሰርሕን ተረካቢ ሕድሪ፡ ብቑዕ ተቓላሳይ መንእሰይ ኣብ ምኹስኳስ፡ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ወሳኒ ኣገዳስነትን ግደን ኣለዎ። ስለዚ እዚ ስነሓሳብ'ዚ ኣውራ ኣብ መንሰያት ሰሪጹ ንምህናጽ ሃገር ከገልግል ቀጻሊ ጻዕሪ ምክያድ የድሊ።

## 2. ምምዕባልን ምድልዳልን ማሕበራዊ ስኒት

ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ሰወራ ብናይ ሓባር ተመክሮ ዝማዕበለ ሃገራዊ ሓድነትን ንቕሓትን ብሰውራዊ ስነሓሳብ ተሪሩ ነቲ ዝጸንሐ ማሕበራዊ ስኒት ኣማዕቢልዎን ኣደልዲልዎን'ዩ። ማሕበራዊ ስኒት ንኸይዳኸም ቀጻሊ ምክንኻንን ሓልዮትን ስለዘድልዮ፡ ኣንጻር ናይ ምክፍፋል፡ ምትፍናን፡ ፍርሕን ጽልእን ትሕተ ሃገራዊ ዝንባሌታትን ተጋባራትን፡ ቀጻሊ ስነሓሳባዊ ቃልሲ ምክያድ የድሊ። ናይ ምትሕብባር፡ ሓድነት፡ ማዕርነት፡ ተኻፋልነትን ሽርክነትን ኣተሓሳስባን ተግባራትን ብቐጻሊ ስነሓሳባዊ ስራሕ ክኹስኮስ ይግባእ። በዚ ኸኣ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምምዕባልን ምድልዳልን ማሕበራዊ ስኒት ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ እጃም ኣለዎ።

## 3. ምድንፋዕ ሓባራዊ መረዳእታ

ኣብ ኤርትራ ኣብ መሰረታዊ ንሃገር ዝምልከት ናይ መንነትን ሓድነትን ጉዳያት፡ ኣብ ህዝቢ ዝሰረጸ፡ ብነዊሕ ቃልሲ ዝማዕበለ ሓባራዊ መረዳእታ ኣሎ። እዚ ሓባራዊ መረዳእታ'ዚ ሓደ ካብቲ ንህዝቢ ኤርትራ ሓይልን ጥምረትን ዝህቦ ረቛሒታት ስለዝኾነ፡ ክንከላኸለሉን ከነማዕብሎን ዘሎና'ዩ። ስለዚ ኣንጻር ንሓባራዊ መረዳእታ ዝፋሑቕ ከፋፋሊ ሓሳባት ስነሓሳባዊ ቓልሲ ምክያድ ኣገዳሲ ዕማም'ዩ። ብዓቢኡ ኸኣ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ሰሪጹ ንዘሎ ሃገራዊ ንቕሓት ዘሐይል፡ ሓባራዊ መረዳእታ ብትካላት ክግለጽ ስለዘለዎ፡ ኣብ ረብሓን ተሳታፍነትን ኩሉ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ዝተመስረተ ሃገራዊ ትካላት ንምህናጽ ተተሓሒዙ ዘሎና ሰፊሕ ጻዕሪ ከነደልድሎ ኣሎና።

## 4.ምድልዳል ባህላዊ መንነትን ስነኣእምሮኣዊ ጥንካሬን ምትእምማንን

ኣብ ተመኲረና ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያን ሓያላን ደገፍቱን ጸኒዕና ክንቃለስን ክንዕወትን ካብ ዘኽኣለና ረቋሒታት ሓደ ናይ መንነትን ስነኣእምሮን ሓይልና ምንባሩ ፍሉጥ ኢዩ። ሕጂ ከኣ ንምህናጽ ጽልጥንትን ድልድልትን ሃገር፡ ባህላውን ስነኣእምሮኣውን ጸጋታት ሕብረተሰብና ብንጹር ስነሓሳባዊ መስመር፡ ብብቕዓት ከነኽትቶን ክንውድቦን ኣሎና። ጽንዓት፡ ሓቦ፡ ተስፋ፡ ምጽማም፡ ትኩርነት፡ ዲሲፕሊን፡ ጥሙሕ. ወዘተ፡ እዚ ብብዝሒ ክስፈር ዘይከኣል ዓይነታዊ ጸጋታት'ዚ፡ ድልድልቲ ኤርትራ ንምህናጽ ካብቲ ንሃገራዊ ጸጋታት ዘይሰንፍ ዓቢ ደራኺ ሓይሊ እዩ። ስለዚ ብስነሓሳባዊ ስራሕ፡ ናይ ባህልን ሓበሬታን ትካላትና ብምድልዳል፡ ባህላውን ስነ ኣእምሮኣውን ጸጋታትና ንምድንፋዕ ምጽዓር ይግባእ። ብሓጺሩ ካብዚ ክብ ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ ብዘይ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ድልድልቲ ኤርትራ ክንሃንጽ ከም ዘይንኽእል ክንርዳእ ንኽእል።

ድሕሪ ናጽነት ምድኻም ስነሓሳባዊ ቃልሲ እንታይ ኣሉታውን ሓደገኛን ሳዕቤናት ከም ዘኸተለ ብግብሪ ርኢናዮ ኢና። ነዚ ብምግንዛብ ከኣ'ዩ ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ኣብ ሳልሳይ ጉባኤ ዝጸደቐ ሃገራዊ ቻርተር፡ መሰረታዊ ኣገዳስነትን ግድን ስነሓሳብን ርእይን ዳግም ዘረጋገጸ። ድሕሪኡ ኣብ ዝሓለፈ ተመክሮ፡ ዋላ'ኳ ማዕረ ትጽቢትና ኣይኹን፡ ስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ተኸቲልና ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዘካየድናዮ ጻዕርን ፍረኡን ሓይሊ ስነሓሳብን ራእይን ከምብሓድሽ ዘመስከረ ጭቡጥ ተመክሮ እዩ። ስለዚ ተመክሮና ኣብ እዋን ሰውራ ይኹን ድሕሪ ናጽነት፡ ወሳኒ ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብ ስለ ዘረጋግጽ፡ እንትደኣ ንስነሓሳብ ማሕበራዊ ፍትሒ ብንቕሓትን ተወፋይነትን ኣብ ግብሪ ኣውዒልናዮ ድልድልቲ ኤርትራ ብምህናጽ ዳግም ታሪኽ ከም እንሰርሕ ርጉጽ'ዩ።

## ኣገዳስነትን ግደን ፖለቲካ

ፖለቲካ ከም ጥበብ ውዳቤን ስልጣንን፡ ጥበብ ምክፍፋል ጸጋታትን ምፍታሕን ምትዕራቕን ግጭታትን፡ ንምህናጽ ሃገር ኣብ ኤርትራ ኣገዳስነቱ ወሳኒ ምዃኑ ካብ ዝሓለፈ ክትዕና ርዱእ'ዩ። ከምዚ ኣቐዲምና ዝተመልከትናዮ ከኣ፡ ፖለቲካ ግብራዊ መቐጸልታ ስነሓሳብ ስለዝኾነ፡ ከምቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ሰውራዊ ፖለቲካ፡ መሰረት ዓወት ዘንጸፈ፡ ።ሎሚ ኸኣ ሃገራውን ደሞክራስያውን ፖለቲካ፡ ኣብ ምህናጽ ዘበናዊት ኤርትራ ወሳኒ ግደ ከም ዘለዎ ንጹር'ዩ። ኣገዳስነትን ግደን ፖለቲካ ኣብ ምህናጽ ፍትሒ፡ ደሞክራሲ፡ ራህዋ ዝሰፈና ስልጥንቲ ኤርትራ፡ በዚ ዝስዕብ ኣቐዲምና ዝተመልከትናዮ ሸሞንተ ጽፍሕታት፡ ክንዝትየሉ ንኽትዕና ጠቓሚ'ዩ።

1. *ፖለቲካ ከም ጥበብ ምትሕብባር*

*ሃገር ማለት ኣብ ውሽጢ ዝተኸለለ መሬት፡ ንሓደ ህዝቢ ዝሓቁፍ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓት ዘርግእ፡ ብዝተማእከለ መንግስቲ ዝምራሕ ሓደ መልክዕ ምትሕብባር እዩ ኢልና ክንትርጉሞ ንኽእል ኢና። ኣብዛ ዘበናዊት ዓለም ከኣ፡ ብሃገራዊ መንግስቲ ዝተወደበ ልዑል ደረጃ ምትሕብባር ዘይብሉ ህዝቢ ረብሓታቱን ድሌታቱን ከረጋግጽ ከምዘይክእል ዘየማትእ ኢዩ። ስለዚ ኣብ ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚርና ክነማዕብሎ ዝጸናሕና ምትሕብባርን ጥምረትን ዘረጋገጽና ሃገራዊ ፖለቲካ ክነማዕብሎ ንምህናጽ ድልድልቲ ሃገር ወሳኒ'ዩ።*

*ስለዚ ነዚ ድሮ ኣረጋጊጽናዮ ዘለና ደረጃ ምትሕብባር ናብ ዝበረኸን ዝደልደለን ደረጃ ንምምዕባሉ፡ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብና ዝረአ ምትሕብባር ዝዕንቅፍን ዘዳኽምን ጉጅላውን ከፋፋልን ዝምባሌታትንን ተግባራትን ብቐጻሊ ክንምክት ኣሎና። ዓንኬል ምትሕብባር ንምስፋሕን ንምዕማቑን ድማ፡ ናይ ምትእምማንን ምትሕግጋዝን ፖለቲካዊ ባህሊ ክንኮስኩስን ንዕኡ ዘገልግል ትካላት መንግስትን ሕብረተሰብን ክነዕብን ይግባእ።*

*ፖለቲካ ከም ጥበብ ምትሕብባር እምበኣር፡ ንናይ ምጉጅጃልን ምትፍናንን፡ ፍርሕን ዘይምትእምማንን ኣተሓሳስባን ተግባራትን ብቐጻሊ ብምምካት፡ ናይ ምትሕብባርን ሓድነትን ምትእምምማንን ኤርትራዊ ባህሊ ኣብ ምምዕባልን ምድልዳልን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ።*

2. *ፖለቲካ ከም ጥበብ ስልጣን*

*ምትሕብባር ብዘይ ስልጣን ክቐውም ኣይክእልን'ዩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝዘተናዮ ስልጣን ንልምዓት ይኹን ንጥፍኣት ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ማዕረ ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ተኣፋፊ'ዩ። ይኹን'ምበር ስልጣን ከማዕብል ዘይክእል ሕብረተሰብ ከኣ፡ ስርዓት ኣቚሙ ረብሓታቱን ድሌታቱን ከረጋግጽ ኣይክእልን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣደዳ ህውከትን ዕንወትን ፋሉልነትን ከም ዝኸውን ዘሕዝን ኩነታት ሶማልያ ናይ ቀረባ ኣብነት'ዩ።*

*ሕብረተሰባት ብደረጃ ዘዋህልሎ ስልጥኦን ክምዘን ይኽእል'ዩ። እቲ ኣብ መንጎ ሕእያልን ድኹምን ስልጥኦን ዘለዎ ሕብረተሰባት ዘሎ ፍልልይ ከኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሃገራት ዘሎ ናይ ሃብትን ድኽነትን ፍልልይ ዘንጸባርቕ'ዩ። ስለዚ ረብሓታቱን ድሌታቱን ዘርዊ ስልጣን ከይማዕበለ ዝሰልጠነ ሃገር ስለ ዘየለ፡ ድልድልቲ ሃገር ንምህናጽ ሓያል ስልጣን ምህናጽ ከም ዘድሊ ምግናዝብ ይግባእ።*

*እምበኣርከስ፡ ንኤርትራ ከም ድልድልትን ስልጥንትን ሃገር ንምህናጽ፡ ንስልጣን ብዝምልከት እዚ ዝስዕብ ክልተ ዕማማት ምፍጻም የድሊ። ቀዳማይ፡ ሃገር ንምህናጽን ንምክልኻልን፡ ዝኽእል*

ድልዱል ሃገራዊ ስልጣን ምህናጽ፣ ካልኣይ፡ ስልጣን ብግቡእ ዝመሓደረሉ፡ ዝዝውተረሉ፡ ዝሰጋገረሉ ቅዋማዊ ስርዓት ምትካል። ነዚ ክልተ ወሳኒ ዕማማት ኣብ ምፍጻም ከኣ፡ ፖለቲካ ከም ጥበብ ስልጣን ኣድላይነቱ መሰረታዊ'ዩ።

## 3. ፖለቲካ ከም መስርሕ መህነጽን መማዕበልን ሓባርዊ ረብሓ

ኣብ ሕብረተሰብ ካብቲ በበይኑን ተገራጫውን ረብሓታት፡ ሓባራዊ ረብሓታት ምህናጽን ምንጻርን ቀሊል ኣይኮነን። ሓባራዊ ረብሓ ከማዕብልን ከነጽርን ዘይክእል ሃገር ከኣ፡ ብጸበብቲ ረብሓታት ተመቓቒሉ ኣብ ሓድሕዱ ዝተፋነንን ዝተሃላለኽን ኮይኑ፡ ተረሚሱ'ዩ ዝተርፍ። ስለዚ ፖለቲካ፡ ሓደ ሃገር፡ ሃገራዊ ረብሓታት ኣነጺሩ ንምርግጋጹ ንኽሰርሕ ዘኽእሎ ኣገዳሲ መሳርሒ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ሓባራዊ ረብሓ ንምህናጽን ንምንጻርን ነዊሕ ግዜን ዋጋን ዝሓተተ ጽንኩር ቃልሲ ተኻይዱ'ዩ። ኣብ መድረኽ ሰሳታት ንኣብነት፡ ኣብ ርእሲ ኻልእ፡ ሓባራዊ ረብሓ ስለዘይተሃንጸን ዘይተነጸረን፡ ምክፍፋልን ምትፍናን ሰፊኑ ነይሩ። ኣብቲ ዝቐጸለ ቃልሲ ግን ሓባራዊ ረብሓ እናማዕበለን እናተነጸረን ስለ ዝኸደ፡ ድኻም ብሓይሊ፡ ምክፍፋል ብስምረት እናተተክአ መጺኡ። ህዝባዊ ግንባር ከኣ፡ በቲ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን ፕሮግራማቱን ሓባራዊ ረብሓ ሃኒጹን ኣነጺሩን።

ይኹን'ምበር ድሕሪ ምስጓግ መግዛእቲ፡ እቲ ናይ ሃገራዊ ናጽነት ሓባራዊ ረብሓ ስለዝተረጋገጸ፡ ኣብ ምህናጽ ሃገር ናይ ረብሓታትን ኣረኣእያታትን ፍልልያት ብዝያዳ ሓይሊ ስለ ዝገሃድ፡ ንረብሓ ዝበዝሐ ህዝቢ ዘንጸባርቕ፡ ከም ዝተኻእለ መጠን ሓቛፊ (inclusive) ሓባራዊ ረብሓ ምምዕባል ቃልሲ ዝሓትት ኢዩ። ስለዚ ካብቲ ናይ ሓረስቶት፡ ጓሶት፡ ርእሰማላውያን፡ ሞያውያን፡ ሰራሕተኛታት፡ ሓባራዊ ረብሓታት ናይ ምምዕባል ዓቕሚ ዘለዎ ፖለቲካዊ መስርሕ ከነረጋግጽ ኣሎና። ኣብ መንጎ ገጠር-ከተማ፡ ማእከል-ወሰናስን፡ ዕድል ዝረኸበ-ዕድል ዘይረኸበ . ክፍልታት ሕብረተሰብ ዘሎ ግጭት ረብሓ ንምፍታሕ ዝሕግዝ ምዕሩይ ፖሊሲታት ምትግባር የድሊ። እተን ፍርቂ ሕብረተሰብ ክንሰን ብዝተፈላለየ ደረጃታት ተወጊነን ተጸቒጠንን ዝጸንሓ ደቂንስትዮ፡ ካብ ኣድልዎን ጭቆናን ሓራ ኮይነን፡ መሰለን ረኺበን፡ ማዕረን ንጡፋትን ተዋሳእቲ ክኾና ኣለወን። ሓባራዊ ረብሓ ኩሉ ዝረብሓሉ፡ እጃሙ ዝረኽበሉ ክኸውን ስለ ዘለዎ፡ ምዕሩይ ምዕባሌ ንምርግጋጽ ብማሕበራዊ ፍትሒ ዝምራሕ ፖሊስታትን መደባትን ምትግባርን ይግባእ።

ፖለቲካ ከም መህነጽን መማዕበልን ሓባራዊ ረብሓ እምበኣር፡ ሃገር ንምህናጽ ከም ድልዱል ባይታ ዘገልግል ሃገራዊ ረብሓ ብምንጻርን ምድንፋዕን፡ ብግብሪ ኹሉ ዜጋ ናተይ ዝብላ ኤርትራ ንምህናጽ ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ።

## 4. ፖለቲካ ከም መስርሕ መፈልፈልን መጠናኸርን ሓባራዊ መረዳእታን ርድየትን

ሓባራዊ መረዳእታ መሰረት ኩሉ ሓባራዊ ሂወት ምኻኑ ርኢና ኔርና። ፖለቲካ ኸኣ፡ ንሕብረተሰብ ሓባራዊ መረዳእታ ብምፍልፋልን ብምጥንኻርን ሓድሕድ ምርድዳእን ምትሕብባርን፡ ሽግራት ብሓባር ምግጣምን ምፍታሕን፡ ስኒትን ውህደትን ብምፍጣር ርግኣትን ቅሳነትን ይህቦን የሐይሎን። ስለዚ ሓባራዊ መረዳእታ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ ሓደ ሃገር ሓባራዊ መራዳእታ ንኽህሉ ንረብሓታትን ባህግታትን ህዝቢ ዘውክልን ኣብ ተሳታፍነቱ ዝምርኮስን መንግስቲ ክህሉ ኣለዎ። ምኽንያቱ ሓባራዊ መረዳእታ መግለጺ ሓባራዊ ረብሓን ተግባራትን'ዩ። እዚ ማለት ሓባራዊ መረዳእታ እንተልዩ ህዝቢ ርድዩ ዝቕበሎን ዝምእዘዞን መንግስቲ ኣሎ ማለት'ዩ። ብሓጺሩ ህዝባዊ ርድየት ኣሎ ማለት ኢዩ። ስለዚ ሓባራዊ መረዳእታን ህዝባዊ ርድየትን ኣይነጻጸልን'ዩ።

ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ሃገራውነት፡ ማዕርነት፡ ዓለማውነት (ሃገር ናይ ኩሉ፡ ሃይማኖት ናይ ግሊ)፡ ምጽውዋር፡ ምዕሩይ ምዕባሌ.. ዝመሰለ ክብርታትን መትከላትን ብነዊሕ ቃልሲ ዝማዕበለ ሓባራዊ መረዳእታ ተሃኒጹ ኣሎ። ይኹን'መበር፡ ነዚ ሓብራዊ መረዳእታ'ዚ ዝፍሕቑን ዝጻረርን ርእይቶታትን ረብሓታትን ዘለዎ ናይ ውሽጥን ደገን ሓይልታት ስለ ዘሎ ክንከላኸለሉ ኣለና። ስግሩ ከኣ ንዘሎና ሓባራዊ መረዳእታ ብፖለቲካዊ ቃልስን ብምህናጽ ድልዱል ትካላትን ከነማዕብሎን ብቐጻሊ ከነፈልፍሎን ይግባእ።

ፖለቲካ ከም መፈልፈልን መጠናኸርን ሓባራዊ መረዳእታን ህዝባዊ ርድየትን እምበኣር፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ረብሓን ርድየትን ተሳታፍነትን ህዝቢ ዝተመስረተ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ኣብ ምህናጽ ኣድላይነቱ ዓቢ'ዩ።

### 5. ፖለቲካ ከም መስርሕ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ስልጣን

ኣብ መስርሕ ሰውራ እቶም ካብ ፖለቲካ ግሉላትን ርሱዓትን ልኡማትን ዝነበሩ ሓረስቶት፡ ጓሶት፡ ደቀንስትዮ፡ ሰራሕተኛታት፡ ተመሃሮን ምሁራትን.. ናብ ንጡፋትን መራሕትን ተዋሳእቲ ተቐይሮም። በዚ ከኣ ውዱብን ንቑሕን ተሳታፍነት ህዝቢ እግሪ ተኺሉ። እዚ ተሳታፍነት'ዚ ከኣ ውጽኢት ንነዊሕን ጽንኩርን ፖለቲካዊ ቓልሲ'ዩ ነይሩ። ኣብዚ ናይ ድሕሪ ናጽነት መድረኽ ድማ እዚ መስርሕ'ዚ ቀጺሉ ኣሎ። ተሳታፍነት ህዝቢ ብዘይ ውዳቤ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ስማዊ ዘይኮነስ ትርጉምን ትሕዝቶን ዘለዎ ተሳታፍነት ህዝቢ ካብ ከባቢ ክሳብ ሃገር ንምውሓስ፡ ፖለቲካዊ ውዳቤን ንቕሓትን ህዝቢ ምምዕባል የድሊ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ከኣ ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ማሕበራትን ዓቢ ተራ ኣለዎ።

ፖለቲካ ከም መስርሕ ተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ስልጣን እምበኣር፡ ህዝቢ ኤርትራ ትርጉም ዘለዎ ተሳታፍነት ኣብ ስልጣን ንኽህልዎ ዘኽእል ንቕሓትን ውዳቤን ንኽማዕብል ስለ ዘገልግሎ ኣድላይነቱ ወሳኒ'ዩ።

6. ፖለቲካ ከም መሳርሒ ለውጥን ምዕባሌን

ፖለቲካ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ለውጢ ብኣወንታውን ሃናጽን መገዲ ንኽግለጽ ዘኽእል ኣገዳሲ መሳርሒ'ዩ። ለውጢ ብፍኑው ምስ ዝሕደግ፡ ዘየድሊ ሳዕቤናት ከምጽእ፡ ኣፍራሲ ክኸውን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ፖለቲካ ለውጢ ኣወንታዊ ፈለግ ሒዙ ናብ ምዕባሌ ንኽጓዓዝ መሳርሒ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ እቲ ሰውራ ዘዐወተ ወለዶን ተካኢ ወለዶን ኣብ ምርድዳእን ምጽጽዋርን ምውርራስን ዝተመስረተ ዝምድና ክምዕብል፡ ንቐጻልነትን ዓወትን ምህናጽ ሃገር ወሳኒ'ዩ። ሓደ ካብቲ ናይ መድረኽ ድሕረ- ሰውራ ቀንዲ ብድሆታት ከኣ፡ ንኽብርታትን መትከላትን ሰውራ ወረሱ ዝቕጽሎን ዘማዕብሎን ሓድሽ ወለዶ ናይ ምምልማል ዕማም'ዩ።

ስለዚ፡ ምህናጽ ሃገር ዝቕጽልን ዘዕውትን ሓድሽ ወለዶ ንምኽስኻስ ክግበር ካብ ዝጸንሐ ንላዕሊ ዝተዓጻጸፈ ጻዕሪ ምክያድ ይግባእ። ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብስለትን መንእሰይን ወለዶ ንምምዕባልን ድንምድልዳልን ድማ፡ ናይ ትምህርትን ቃልስን መደበባት ምትላምን ምትግባርን፡ መንእሰያት ተወዲቦም ኣብ ጉዳያት ከባቢኦምን ሃገርን ተሳታፍነቶም ዘረጋግጹሉ መድረኻት ምውዳብን የድሊ። ኣብ መንጎ'ቲ መንእሰይን ዓብን ወለዶታት ዘሎ ዝምድና ንምምዕባል፡ ጋግ ዘጽብብን ናይ ምትእምማንን ምክብባርን ዝምድናታት ዘደንፍዕን መንእሰያት ናይቲ ዓቢ ወለዶ ብሉጽ ክብርታትን ተመክሮታትን ንኽወርሱ ዕድላት ዝኸፍትን መደባት ምትግባር ይግባእ።

ፖለቲካ ከም መሳርሒ ለውጥን ምዕባሌን እምበኣር፡ ተረካቢ ሕድሪ ዝኾነ ብቑዕ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ምኽስኻስን ምህናጽን ዓቢ ተራ ኣለዎ።

7. ፖለቲካ ከም መማሓደሪ ኣህጉራዊ ዝምድናታት

ኣብዛ ብኣራግጽ ሓያላትን ረብሓታቶምን ዝተዓብለለት ዓለም፡ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ እቲ ወሳኒ ረብሓታትን ናይ ስልጣን ፖለቲካን ስለዝኾነ፡ ሃገራዊ ህላዌናን ረብሓናን ንምሕላው ዘኽእለና ብቐዳምነት ውሽጣዊ ሓይልናን ኣብኡ ዝምርኮስ ዞባውን ኣህጉራውን ምትእስሳራትን እዩ። ስለዚ ንቑጠባውን ባህላውን ምዕባሌና ዘበርክት፡ ሰላምን ርግኣትን ዘረጋግጽ፡ ኣብ ሃገራዊ ረብሓን ሓባራዊ ረብሓታትን ዝተመስረተ፡ ናይ ምትሕግጋዝ ሰላማዊ ሓባራዊ - ህላዌን ናይ

ወጻኢ ፖሊስን ዝምድናታትን ንምምሕዳር ዘኽእለና ትካላዊ ዓቕሚ ኣብ ምድንፋዕ፡ ፖለቲካ ኣገዳሲ መሳርሒ'ዩ።

ፖለቲካ ከም መመሓደሪ ኣህጉራዊ ዝምድናታት እምበኣር፡ ንምህናጽ ሃገራዊ ረብሓኣ ከተረጋግጽን ክትከላኸልን እትኽእል ድልድልቲ ኤርትራ ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ።

8. **ፖለቲካ ከም መሳርሒ ቓልሲ**

ፖለቲካ ከም መሳርሒ ቓልሲ ኣብ መስርሕ ምህናጽ ሃገር ተርኡ ክጻወት ኣለዎ ማለት፡ ብቐዳምነት ህዝባዊ ግንባር ፖለቲካዊ ተልእኾኡ ብብቕዓት ክፍጽም ኣለዎ ማለት ኢዩ። ህዝባዊ ግንባር ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይሊ ንምድንፋዕ ናይ ምጥርጣርን ምትፍናን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ብቐጻሊ ብምኽሻሕን ምምካትን፡ ናይ ምትእምማንን ሓድነትን ሓልዮትን ኣወንታውን ሃናጽን ሃገራዊ ፖለቲካ ዝሃንጽን ዘደልድልን ቀጻልን ኣድማዕን ፖለቲካዊ ስራሕ ክካይድ ኣለዎ፡ ፖለቲካዊ ቓልሲ ሓይልን ቀጻልነትን እንተ ጎዲልዎ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝበለየን ዝተሳዕረን ሓሳባትን ተግባራትን ክደግስን ቀስ ብቐስ ሂወት ክዘርእን ስለ ዝኽእል፡ ሓደገኛ ሳዕቤናት ከም ዘኸትል ርዱእ ኢዩ። ስለዚ ከም ኣብ እዋን ሰውራ፡ ህዝባዊ ግንባር ህዝቢ ናይ ምንቕቓሕን ምውዳብን፡ ግጉይን ጎዳእን ሓሳባትን ተግባራትን ናይ ምቅላዕን ምምካትን፡ ተሳታፍነት ህዝቢ ክብ ናይ ምባል ፖለቲካዊ ስራሕ ብዘይ ምስልካይ ክካይድ ይግባእ።

ፖለቲካ ከም መሳርሒ ቓልሲ እምበኣር፡ ንቕሓትን ሓድነትን ጽንዓትን ህዝቢ ክብ ብምባል መሰረት ምህናጽ ሃገር ንምድልዳል ስለ ዘገልግል ኣድላይነቱ ወሳኒ ኢዩ።

# ኣድላይነትን ዕላማን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ናጻ ኤርትራ

ኣብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣገዳሲ ዕለታዊ ንጥፈት እዩ ነይሩ። ኣድላይነትን ጥቕምን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ብመሪሕነትን ኣባላትን ህዝባዊ ግንባር መሰረታዊ ምኽኑ ተኣሚንሉ ልዑል ኣቓልቦ ይወሃቦን ብዕቱብ ኣብ ግብሪ ይውዕልን ነይሩ። ብጭቡጥ ከኣ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ እምነትን ደገፍን ተሳታፍነትን ህዝቢ ዝተመስረተ፡ ሓድነትን ኣረኣእያን ግብርን ዘለዎ፡ ኣብ ኣፍሪቃን ዓለምን ብሓደ ካብቶም ናይ 20 ዘበን ዝሓየሉ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ዝኾነ ውፉይን ጽኑዕን መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምህናጽ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ። ብሓጺሩ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ንቕሓት፡ ተወፋይነትን ጽንዓትን ህዝብን ተጋደልትን ብቐጻሊ ብምፍልፋልን ብምድንፋዕን፡ ሓደ ካብቶም ዓወት ዝሃነጹ ቀንዲ መሳርያታት እዩ ነይሩ። ድሕሪ ናጽነት ግን፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ብፍላይ ከኣ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ከምቲ ዝግባእ ኣይማዕበለን። ዋላ'ኳ ብበበይኑ መገድታት ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ብውሱን ደረጃ፡ ከምኡ'ውን ሰሚናራትን ኣኼባታትን ይካየድ እንተነበረ፡ ከምቲ ክኾኖ ዝግባእን ጠለባት ዘርውን ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ምድኻም ፖለቲካዊ ትምህርትን ዘኸተሎ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ከኣ ንኣድላይነት ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከም ብሓድሽ  ኣጉሊሕዎ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ጉድለት'ዚ ንምእራም ኢና ሎሚ፡ ሽሕ'ኳ ደንጉዩ ኣንተመጸ፡ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንጅምር ዘለና።

## ትርጉም ፖለቲካዊ ትምህርቲ

ፖለቲካዊ ትምህርቲ ብኽልተ ደረጃታት፡ ማለት ዘይስሩዕን ስሩዕን ተባሂሉ ክግለጽ ይኽእል።

ቀዳማይ፡ ዘይስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ማለት፡ ካብ እንነብረሉ ሕብረተሰብን ፖለቲካዊ ስርዓትን፡ ስድራቤትን ከባብን፡ ማዕከናት ዜናን ቤት ትምህርትን፡ ብሓፈሻዊ ተሞክሮን ፖለቲካዊ ተሳታፍነትን ዝውህለል ፖለቲካዊ ርእይቶታትን መርገጺታትን መርገጺታትን ማለት'ዩ።

ካልኣይ፡ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ማለት፡ ብመልክዕ ስሩዕ ኣስተምህሮታት፡ ኣኼባታትን ሰሚናራትን፡ ብሓገዝ መጽሓፍትን መጽሔታትን ዝወሃብ ዝተሰርዐ ትምህርቲ ማለት'ዩ።

በዚ ዝሰፍሐ መረዳእታ'ዚ እምበኣር ነቲ ካብ 1940'ታት ኣትሒዙ ዝተኻየደ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ሰፊሕ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ መስርሕ ክንገልጾ ንኽእል ኢና።

ኣብ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ምስ ምብጋስ ናይቲ ምንቅስቓስ እዩ ጀሚሩ (ቅድሚኡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ኣብቲ ነዊሕ ጥንታዊ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራን ዝተዋህለለ ፖለቲካዊ ተመክሮ ከም ዘሎ ከይተዘንገዐ)። ኣብቲ ፈለማ ኣብ 1940'ታት ምስ ምጅማር ዘበናዊ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ኣብ ኤርትራ፡ ብቐዳምነት ብተሳታፍነት ኣብ ፖለቲካዊ ቓልሲ፡ ከምኡ'ውን ብመገዲ ጋዜጣታትን ኣኼባታትን ክትዓትን ዝሰላሰል ፖለቲካዊ ትምህርቲ ነይሩ። እተን ሽዑ ዝተመስረታ ናይ ፖለቲካ ማሕበራት፡ ሰዓብቲ ንምርካብን ህዝቢ ብኣራኣእየአን ንምጽላው ዘካይድኦ ዝነበራ ንጥፈታት'ውን ሓደ መልክዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኢዩ ነይሩ። እዚ መስርሕ'ዚ ሽኣ ኣብ 1950'ታት ብምብጋስ ናይ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ሃገራዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ማሕበር ሸውዓተ) ንቕድሚት ስጕሙ ምስ ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ድማ ኣብ ዝለዓለ ደረጅኡ በጺሑ።

ኣብ መድረኽ ብረታዊ ተጋድሎ፡ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ መጀመሪያ 1970'ታት እዩ ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ ውሽጢ ተጋደልቲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርትን ተኣታትዩ። ካብ መፋርቕ 1970'ታት ጀሚሩ ድማ፡ ካብ መደበር ታዕሊም ኣትሒዙ ብቐጻሊ ዝወሃብ ብመጻሕፍቲ ዝተዳለወ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ውሽጣውን ሓፈሻውን መጽሔታት፡ ናይ ሰሚናር ጽሑፋት ምስ ምትካል ድምጺ ሓፋሽ ከኣ ብሬድዮ ዝፍኖ  ፖለቲካዊ መደባት ብሰፊሑ ተዘርጊሑ። ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ካድር ተመስሪቱ ከኣ ክሳብ 1990 ኣብ 26 ዙርያታት ኣሻሓት ካድርታት ሚሂሩ። ኣብህዝቢ'ውን ብመንገዲ ማሕበራት ሓፋሽ፡ ኣብ ሓራ መሬት ኣብ ትሕቲ ጸላእን ወጻእን መምስ ኩነታቱ ብዝሰማማዕ ኣወዳድባ ፖለቲካዊ ትምህርትን ጎስጓስን ብቐጻሊ ይካየድ ነይሩ'ዩ። ኣብ ተሓኤ'ውን ብፍላይ ድሕሪ'ቲ ብ1971 ዝተኻየደ ቀዳማይ ጉባኤ ብሰንኪ ውሽጣዊ ድኻማት ናይቲ ውድብ ኣድማዕነቱን ቀጻልነቱን ውሱን'ኳ እንተነበረ ፖለቲካዊ ትምህርትን ምምልማል ካድርታትን ይካየድ ነይሩ። ብኣጠቓላሊ እምበኣር፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ኣውራ ከኣ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ምምዕባል ሃገራዊ ንቕሓት፡ ምትራር ሓድነት፡ ምሕያል ተወፋይነትን ጽንዓትን እምነትን. ዓቢ ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ።

ተመክሮ ህዝባዊ ግንባር፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ሓያል መሳርሒ ቓልሲ ምዃኑ ኣረጋጊጹ'ዩ። ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ሓያል ህዝባዊ ሰራዊት፡ ዝተወደበ ህዝቢ፡ ንቑሕን ውፉይን ተጋዳላይ ሰብ ምህናጽ ኣበርኪቱ። ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ እቲ ንዘበናት ተጸቒጡን ተገሊሉን ዝነበረ ሓፋሽ ህዝቢ እቲ ነቒሑን ተወዲቡን ወሳኒ መጻኢ ዕድሉ ንኽኸውን ብፖለቲካዊ ትምህርቲ ተጎሳጉሱን ከቲቱን። ፖለቲካዊ ብስለት ዘለዎ ሃገራዊ ንቕሓት ዝውንን፡ ኣብ መሰረታዊ ጉዳያት ሓባራዊ መረዳእታ ዘማዕበለ ብስምረትን ስኒትን ጸገማቱ እናፈትሐ መነባብርኡ ከመሓይሽን ሃገሩ ክሃንጽን ዝኽእል ሃገራዊ ሕብረተሰብ ንምምዕባል ከኣ ባይታ ጸሪጉ።

ፖለቲካዊ ትምህርቲ እምበኣር፡ ብስሩ መገዲ ጥራይ ዝወሃብ ዘይኮነስ፡ ብቐንዱ ብተሳታፍነት ኣብ ፖለቲካዊ ቓልስን ንጥፈታትን እናማዕበለን እናደልደለን ከም ዝኸይድ ርኢና። በዚ ሰፊሕ ትርጉሙ'ዚ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብስለትን ሕበረተሰብን ኣባላቱን ዝህንጽሉ መስርሕ'ዩ። ፖለቲካዊ ብስለት ዘይብሉ ሕብረተሰብ ረብሓታቱ ክከላኸልን ድሌታቱ ከርውን፡ ጸገማቱ እናፈትሐ ብስኒትን ርግኣትን ሂወቱ ክመርሕን መነባብርኡ ከመሓይሽን ሃገሩ ክሃንጽን ኣይክእልን ኢዩ። ፖለቲካዊ ብስለት ማለት፡ ብነዊሕ መስርሕ ቓልሲ እናደንፊዐ ዝመጽእ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ሂወቱ ዝሰርዕ መሰረታዊ ጉዳያት ዘማዕብሎ ሓባራዊ መረዳእታን ትካላትን፡ ውሽጣዊ ጸገማቱን ፍልልያቱን ብግቡእ ንምምሕዳርን ንምፍታሕን ዝውንኖ ፖለቲካዊ ብቕዓትን መሳሪሒታትን፤ ብሓፈሻ ሓደ ሕብረተሰብ ዝውንኖ ፖለቲካዊ ባህልን ዓቕምን ማለት'ዩ። ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከኣ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብስለትን ኣብ ምንዳቕ ኣገዳስን ኣድማዕን መሳርሒ ምዃኑ ብተመክሮና ተመስኪሩ'ዩ።

## ኣድላይነት ፖለቲካዊ ትምህርቲ

ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ታሪኽ ሃገራዊ ቓልስና ብሓፈሻ፡ ኣብ ተመክሮ ህዝባዊ ግንባር ከኣ ብፍላይ፡ ዝነበሮ ተራ ብሓጺሩ ተመልኪትና። እቲ ኣብዚ ስዒቡ ዝመጽእ ሕቶ፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንምንታይ የድልየና? ዝብል'ዩ።

ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ኣብ ሓደ ሃገር ወይ ሕብረተሰብ ኩሉ'ቲ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብስለትን፡ ሓባራዊ መረዳእታን ፖለቲካዊ ብቕዓት ምምሕዳር ስልጣንን ፍልልያትን ዝሃንጽ ግብራውን ክልስ ሓሳባውን ትምህርቲ ዝሓቕፈ እዩ። እዚ መስርሕ'ዚ ከኣ ሕብረተሰብ ክሳብ ዘሎ፡ ፖለቲካዊ ስርዓትን መንግስትን ክሳብ ዘድለየ፡ ዝቐጽል ድኣምበር ዝውዳእ ኣይኮነን። ስለዚ ኣውራ ንሕና እዞም ብነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ዝተመስረተት ናጻ ሃገርና ንረብሓ ህዝብና ዘደንፍዕን ዘርውን ፖለቲካዊ ስርዓት ክንሃንጽ ንደሊ ዘሎና ኤርትራውያን ንፖለቲካዊ ትምህርቲ ሻላ ክንርእዮ ተመክሮናን ዘሎና ብድሆታትን ዕማማትን ኣየፍቅደልናን እዩ።

ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንምህናጽ ሃገር ዘገልግለና ሓያልን ኣድማዕን መሳርሒ'ዩ። ነቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ሰውራ ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን፡ ኣብ መሰረታዊ መትከላትን ክብርታትን ሰውራ - ሃገራውነት- ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ተወፋይነት፡ ርእሰ ምርኮሳ፡ ጽንዓት- ዝተነድቀ ፖለቲካዊ ባህሊ፡ ዘበናዊት ሃገር ንምህናጽ መሰረትና ክንገብሮ ግድን'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብርግጽ ካብኡ ንላዕሊ ዘተኣማምን ፍቱንን መበገሲ ክህልወና ኣይክህልወን'ዩ። ስለዚ ነዚ ፖለቲካዊ ሰረት'ዚ ንምዕቃቡ፡ ካብኡ ሓሊፍና ኸኣ ምስ ዕማማትን ጠለባትን ናጻ ሃገርን ሓድሽ ምዕባሌታትን ብዘሳኒ መገዲ ንምምዕባሉ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዓቢ ኣድላይነት ኣለዎ።

ከምቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንናጽነት ዘብጽሓና፡ ሎሚ ኸኣ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ናብ ምህናጽ ዘበናዊት ሃገር ዘብጽሓና መሪሕ ውድብና'ዩ። ውድብ ናብ ዕላማ ዘብጽሕ መሳርሒ ስለዝኾነ፡ ከም መሳርሒ ብብቕዓትን ኣድማዕነትን ዝግልገሉ ዉድባትን ዉፍያትን ሰባት እንተዘየልዮም ክዕወት ኣይክእልን'ዩ። ሓያል ውድብ ማለት ብንቕሓትን ተወፋይነትን ዲሲፕሊንን ዝተወደቡ ሓያላት ሰባት ማለት ኢዩ። ንቕሓትን ተወፋይነትን ዲሲፕሊንን ከኣ ከምቲ ኣብ ተመክሮና ዝተራእየ ፖለቲካዊ ትምህርቲ'ዩ ዝኾስኮስን ዝምዕብልን።

ንሃገርና ኤርትራ ከምቲ ብዙሕ ዝደኸምናላን እንምነያን ዜጋታት ብሓባር ቀሲኖም ዝነብሩላ ስልጥንቲ ሃገር ንምግባሩ፡ ንጹር ራእይን ሓያልን ውዳቤን፡ ጽኑዕ ቃልስን ውፉይ ሰብን ከምዝሓተና ፍሉጥ'ዩ። ከም ኣብ ፈተነ ኸናት ፡ ኣብዚ ዝሓየለ ፈተነ ሰላምን ህንጸትን ዕዉታት ኮይንና ንኽንርከብ፡ ብቐጻሊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ንቕሓትን ተወፋይነትን ኣባላት ህዝባዊ ግንባርን ህዝብን ክብ ከነብል፡ ሓድነት ኣረኣእያን ግብርን ክነማዕብል፡ ብጠቕላላ ንምህናጽ ሃገር ዝበቕዕን ዘዐውትን ፖለቲካዊ ሓይሊ ክነማዕብል ይግባእ። ኣውራ ኸኣ፡ ሓላፍነት ምህናጽ ሃገር ክስከም ዝበቅዕ፡ ንመትከላትን ክብርታትን ሰውራ ዝወረሰ ንሃገሩን ህዝቡን ዝተወፈየ ንቑሕ ተቓላሳይ ሓድሽ ወለዶ ንምኽስኳስ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣድላይ'ዩ።

## ዕላማታት ፖለቲካዊ ትምህርቲ

ፖለቲካዊ ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር ሰለሰተ ቀንዲ ዕላማታት- ሃገራውነት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ንቑሕን ውፉይን ተቓላሳይ ዜጋ- ኣለዎ። እዚ ዕላማታት'ዚ እቲ ህዝባዊ ግንባር ክኣ ብመድረኽ ሓርነታዊ ሰውራ ኣትሒዙ ክምረሓሉን ክቃለሰሉን ዝጸንሐ መሰረታዊ ዕላማታት'ዩ። ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከኣ፡ ሃገራዊ ንቕሓትን ተወፋይነትን ዘለዎ፡ ምእንቲ ፍትሒ ዝቃለስ ውፉይ ስልጡን ስነምግባር ዘውንን ንቑሕን ተቓላሳይን ዜጋ እንኾስኩሰሉ መሳርሒ ስለዝኾነ፡ በዚ ዕላማታት'ዚ ክምራሕ ግድን'ዩ። በዚ ኸኣ ንሃገሩን ህዝቡን እሙን ንመትከላትን ክብርታትን ሰውራ ዝተወፈየ፡ ሃገራዊ መረዳእታ ዘደንፍዕ፡ ኣንጻር ወጽዓን በደልን ዝቃለስ፡ ሰፊሕን ስነፍልጠታውን ኣረኣእያ ዘለዎ. ሓልፍነታውን ንጡፍን ዜጋ ብምህናጽ፡ ውሕስነት ዓወት መሰረታዊ ዕላማታትና ከነረጋግጽ ንኽእል።

እዚ ሰለስተ ቀንዲ ዕላማታት ፖለቲካዊ ትምህርትና ብኸምዚ ዝስዕብ ክዝርዝር ይኽእል፡-

**ሀ. ሃገራውነት**

- ህዝቢ ኤርትራ ስሙርን ሓራን ህዝቢ ንኽኸውን ከም ዝተቓለሰን ዝተሰወአን ብምርዳእ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ምኽስኳስ፣

- ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ታሪኽ ብረታዊ ሰውራ ብምስትምሃር፡ ኣመዓባብላ ኤርትራዊ ሃገራውነትን ዝገጠሞ ውሽጣውን ግዳማውን ብዶሆታትን፡ ኣብዚ መስርሕ'ዚ ብቓልስን መስዋእትን ዝተሃንጸ ሓድነትን ብምግንዛብ፡ ታሪኻዊ ንቕሓት ምንዳቕ፣

- ኣብ ማዕርነትን ተሳታፍነትን ኩሉ ዜጋ ዝተመስረተ፡ ብመትከል ሓድነት ኣብ ብዙሑነት ዝምራሕ፡ ንፈላላይን መዳኽምን ትሕተ ሃገራዊ ዝምባሌታት ዘወግድ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምህናጽ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ቃልሲ ብምርዳእ፡ ንጸቢብን ትምክሕታውን ኣመለኻኽታ ዝምልከት ሃገራዊ ንቕሓት ምድንፋዕ።

- ኣብዛ ጉሎባዊት ዓለም፡ ሃገራዊ ረብሓ ምርግጋጽ፡ ልኡላውነትን ሃገራዊ ድሕነትን ምሕላው፡ ቀሊል ከም ዘይኮነን ሕያል ጻዕርን ትኾርነትን ከም ዝሓትትን ብምርዳእ፡ ምህናጽ ረብሓን ድሕነትን ሃገር ዘውሕስ ድልዱል ሃገራዊ መንግስቲ ምግንዛብ፣

- መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ዝሕሉ፡ ኣብ ልዕልና ሕጊ ዝተመስረተ፡ ንብልሽውና ዘየናሕሲ፡ ብተሓታትነትን ግሉጽነትን ዝሰርሕ፡ ቅዋማዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምህናጽ ዝተኻየደ ጻዕርን ዘጓነፎ ዕንቅፋታትን ብምግላጽ፡ ኣድላይነት ኣብ ሃገራዊ ኩነታትና ዝተመርኮሰን ንሃገራዊ ረብሓና ዘገልግልን ድልዱል ቅዋማዊ ስርዓት ምርዳእ፣

- ሃገራዊ ሓባራዊ መረዳእታ፡ ፖለቲካዊ ሰረት ሃገራዊ ሓድነትን ስኒትን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ፍርሕን ጽልእን ምትፍናን ዝምርኮስ ኣዕናዊ ፖለቲካ ብምውጋድን ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ተሳታፍነትን ዝተሰረተ ሃናጽን ሓላፍነታውን ፖለቲካ ብምምዕባልን፡ ፖለቲካዊ ባህሊ ሓባራዊ መረዳእታ ምድንፋዕ፣

- ብታሪኹን መንነቱን ዝኾርዕ ሕቡን ዜጋ ዘይብላ ሃገር ቁምነገር ክትገብር ከምዘይትኽእል ብምግናዛብ፡ ኣብ ታሪኽናን ባህልናን ዝተሰረተ ሃገራዊ ሓበን ምኹስኳስ።

ለ. ማሕበራዊ ፍትሒ

- ትርጉምን ኣድላይነትን ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝተኻየደን ክካየድ ዘለዎን ቃልስን ብድሆታቱን ምግንዛብ፣

- ማሕበራዊ ፍትሒ ብነዊሕን ዝተሓላለኸን መስርሕ እናተረጋገጸ ከም ዝኸይድ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ትሑት ቁጠባዊ ኩነታት ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ብደረጃና ንምርግግጽ ክፍታሕ ዘለዎ ቍጠባውን ማሕበራውን ግድላት ብግቡእ ምርዳእ፣

- ንሃገራዊ ቻርተር ከም ናይ ራእይን ፖሊሲታትን መሰረታዊ ሰነድ መጠን ብምስትምሃር፡ ኣድላይነት ፖለቲካዊ ደሞክራስን፡ ምውሳቡ ምስ ማሕበራውን ቁጠባውን ደሞክራስን ምግንዛብ፣

- ተመክሮ ናይቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕርን ዝጨበጥናዮ መኽሰባትን ዘጋጠመና ብዶሆታትን ግድላትን ናይ ኣፈታትሕኡ ምርጫታትን ብምግላጽ፡ ንናይ ቀረባን ርሑቕን ውጥናት ንምዕዋት ዝሕተት ቁሩብነት ምብራህ፣

- ንማሕበራዊ ፍትሒ ዘገልግል፡ ኣብ ተሳታፍነትን ተሓታትነትን ህዝቢ ዝተሰረተ፡ ትካላዊ ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ስርዓትን ምምሕዳርን ምህናጽ ከም ዘድሊ ምርዳእ፣

- ምዕሩይ ምዕባሌ ዝፈጥር፡ ኣብ ተሳታፍነትን ረብሓን ህዝቢ ዝተመርኮሰ፡ መነባብሮ ህዝቢ ዘመሓይሽ፡ ሃገራዊ ሃብቲ ዝፈጥር፡ ፍትሓዊ ቑጠባዊ ስርዓት ከም ዘድሊ ምግንዛብ።

ሐ. ንቑሕን ውፉይን ተቓላሲ ዜጋ

- ንሃገሩን ህዝቡን እሙንን ውፉይን፡ ብታሪኹን መንነቱን ከኣ ሕቡን ዜጋ ምኹስኳስ፣
- ንመትከላትን ክብርታትን ሰውራ ኣሚኑ ዝቃለሰሉን ንምዕዋቱ ብተወፋይነት ዝሰርሕን ሓርበኛ ምምልማል፣
- ኣብ ማዕርነትን ተሳታፍነት ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኣምንን ዝቃለሰሉን፡ ንሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ዝከላኸልን ዘደልድልን ሃገራው ዜጋ ምኹስኳስ፣
- ክፉትን ሰፊሕን ባህሊ ዘለዎ፡ ራኢይ ምትእምማን ዝውንንን፡ ካብ ወጻኢ ንዝመጸ ዘየምልኽን ስልጡን ዜጋ ምህናጽ፣
- ጻዕረኛ፡ በዓል ተስፋ፡ ፍቕሪ ስራሕን ፍልጠትን ዘለዎ፡ ንነብሱን ሃገሩን ንምምዕባል ልዑል ጥሙሕ ዘለዎ ዜጋ ምፍራይ፣
- ኣብ ማዕርነትን ምሕዝነትን ደቅንስትዮ ደቂተባዕትዮን ዝኣምን፡ ሓባራዊ መንፈስን ናይ ምትሕግጋዝ ባህልን ዘለዎ ምዕቡል ዜጋ ምህናጽ፣
- ስልጡን፡ ሕግን ስርዓትን ዘኽብር መሰሉን ግቡኡን ዝፈልጥን ዝሕሉን፡ ናይ ካላኦት ባህልን መሰልን ዘኽብር፡ ኣድማሳዊ ሰብኣዊ ባህሊ ዝፈልጥን ዘኽብርን፡ ስልጡን ሰብ ምፍራይ፣
- ያታዊ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብና ዘኽብርን ዝጸወርን፡ ነቲ ጎዳኢ ጎድንታትን ባእታታቱን ብምንጻግ ንእውንታዊ ምዕባሌኡ ዝጽዕርን ዜጋ ምምልማል፣

- ንኹሉ ጭቖናን ኣድልዎን በደልን ዘይጻወርን ኣንጻሩ ዝቃለስን፡ ንብልሽው ተግባርት ዘይንሕፍ፡ ምስ ብዱላት ዝውግን፡ ፍትሓዊ ሕልና ዘለዎ ዜጋ ምህናጽ።

# መደምደምታ

ኣብዚ ቀዳማይ መጽሓፍ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ንቐጻሊ እነልዕሎ ኣርእስትታት መሰረት ዝኸውን መበገሲ ትምህርቲ ቀሲምና ኣሎና። ትርጉምን ኣድላይነትን ስነሓሳብን ፖለቲካን፡ ኣብ መንጎ ስነሓሳብን ፖለቲካን ዘሎ ምውሳብ፡ ኣገዳስነትን ግደን ስነሓሳብን ፖለቲካን ኣብ ምህናጽ ሃገራት ብሓፈሻን ምህናጽን ኤርትራ ብፍላይን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣድላይነትን ዕላማን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣብ ናጻ ኤርትራ ኣብ ዝብሉ ኣርእስቲ ዘቲና ኣሎና።

በዚ መጽሓፍ'ዚ ኣብ ዘካየድናዮ ትምህርቲ፡ እዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ግዳያት ከነረጋግጽ ኣሎና፡-

- ታሪኽ ብዘይ ስነሓሳብን ራእይን ክስራሕ ስለ ዘይክእል፡ ንህላዌን ድንፋዐን ታሪኽ ክሰርሕ ዝበቅዕ ሓያል ሕብረተሰብ ኣድማዒ ውዳቤታቱን መሰረታዊ ምዃኑ፣
- ከይተወደበን ስልጣን ከየማዕበለን መሰሉን ረብሓታቱን ከረጋግጽ ዝኽእል ህዝቢ ስለ ዘየለ፡ ኣዳይነት ፖለቲካ ከም ጥበብ ውዳቤን ስልጣንን ምህናጽ ድልዱል መንግስቲ ወሳኒ ምዃኑ፣
- ስነሓሳባውን ፖለቲካውን ዓቕሚ ከየማዕበለ ዝተሃንጸ ዘበናዊ መንግስቲ ዘይምህላዉ፡ ኣብ ኣተሃናንጻን ኣመዓባብላን ዘበናዊ ሃገራት፡ ስነሓሳብን ፖለቲካን ቀንዲ ተራ ከም ዝነበሮን ከም ዘለዎን ዘረጋግጽ ምዃኑ።
- ታሪኽ ስውራና፡ ሃገራዊ ስነሓሳብን ማሕበራዊ ፍትሕን ናይ ሓርነት ፖለቲካን ከይሃነጽናን ከየማዕበልናን ክንዕወት ንኽእል ከም ዘይነበርና ከም ዝመስከረ፣
- ታሪኽ ስወራ ኤርትራ፡ ሓይሊ ፍትሓዊ ዕላማን ሰውራዊ ሓሳብን፡ ሓይሊ ዝነቕሐን ዝተወደበን ዝተወፈየን ተጋዳላይ ሰብን ብምርግጋጽ፡ ስነሓሳብን ፖለቲካ ክሳብ ክንደይ ወሳኒ ምዃኑ ከም ዘርኣ።
- ሕጂ'ውን ሃገራዊ ስነሓሳብን ማሕበራዊ ፍትሕን ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካን መሰረት ምህናጽ ሃገር፡ ምፍጣር ቁጠባዊ ብልጽግና፡ መሰረት ራህዋን ፍትሕን ደሞክራስን ዝሰፈና ዘበናዊ ኤርትራ ምዃኑ፣
- ኣብ ናጻ ኤርትራ፡ ከም ኣብ መድረኽ ሰውራ፡ ነቲ ቅኑዕን ታሪኽ ዘስርሓናን ስነሓሳብናን ፖለቲካናን ኣብ ህዝቢ ዘስርጽ፡ ኣውራ ኸኣ እምነትን ተወፋይነትን መንእሰያትና ዝስሕብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣድላይ መሳርሒ ምዃኑ።

ስነሓሳብን ፖለቲካን ብዘይ እቲ ናብ ሃገራዊ ሓይሊ ዝቕይሮ ውዳቤ ምሉእ ከም ዘይከውን ኣቐዲምና ዘቲና ነይርና። ስለዚ ካብዚ ቐጺልና ናብቲ "ኣድላይነትን ዕላማን ውዳቤ" ዝብል ካልኣይ መጽሓፍ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክንሰግር ኢና።